# ረፑብሊክ

## ስለ ንገልጽ ሓሳብና፣ ኣለና!

## WE SPEAK THEREFORE WE ARE!

ረፑብሊክ ኣብ ወርሒ ሓደ ግዜ ዝሕተም፥ ኣብ ቅዋማውነት፡ ግዝኣተ-ሕጊ፡ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ሓርነታትን ዝተመስረተ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንኽትከል ብዝጣበቑ፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከቡ ዜጋታት ዝሳናዳእ መልእኽተ-ዜና (Newsletter) እዩ።



- ★ ቁጠባ ኤርትራ፡ ጅሆ ምልኪ
- ★ ኣብ ስንጭሮ ዝተደብአ ሕልሚ
- ★ ደብዳበ ምኣዛን ሞራላዊ ብድሆኣን

ረፑብሊክ ቀዳማይ ዓመት ሕታም ቁ. 1

ጥቅምቲ 2014

# ርእሲ ዓንቀጽ

ድሮ ዘይንቡር ህላወና ከም ንቡር ኳብ ንወስዶ ሓያሎ ኮይኑ'ሎ። ግዜ ይሓልፍ ኣሎ፣ ህይወትና ግን ምስቲ ግናይን ኣሰንባድን ትርኢቱ ኣብ ሓደ ደው ኢሉ። ንኹሉ ልቢ ዘለዎን ጭዋን ዜጋ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዋላ ንውሑድ እዋን ይኹን፣ ንመላእ ዓለም ዘሰንበደን ዘዛረበን ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ህይወት ዜጋታትና ዝወሰደ ሓደጋ ላምፔዱሳ እኳ ኳብ ዝሓልፍ ዓመት ኣቍጺሩ። ብድሕሬኡ'ውን እንተኾነ ብዙሕ ርኢናን ብዙሕ ጎኒፍናን'ዩ። ሰብኣዊ መዓርግና ሓሲሩ እናሃለወ፥ ከምቲ ኣብ መንጎና፣ ሓንሳብ ብሕሸኹታ፣ ሓንሳብሲ ወረግ ብዓውታ፣ ህላወናን ህላወ ንፈትዋ ሃገርናን ኣብ ሓደጋ ከምዘእተወ እንእመኖ እናኾነ ግን፥ ስለ ብዙሕ ምኽንያታት፣ ከይተለዓዓልና፡ ልብና ብናይ እምብይታ ስሚዒት ከይሞቐ፡ ንመሰረት ሽግርና ብድፍረት፣ እወ በቲ ኣቦሓጎታትናን እኖሓጎታትናን፣ ኣቦታትናን ኣዴታትናን፣ ኣያታትናን ኣብሻታትናን ኣንጻር ዓመጽቲ ዘርኣይዎ ብታሪኽ ዝዝከር ጅግንነት ገይርና ከይንገጥሞ ተዓዚምና ንርኩብ ኣለና።

ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ጠንቂ ዕዝመትና ክንምርምርን ንመንፈሳዊ ውሻጠና ብዕቱብ ሕቶታት ክንፍትሽን ከም ዘለና ንሙብዛሕትና ርዱእ እዩ። እቲ ኣውራ ነገር ግን ምፍላጥን ምግንዛብን ጥራይ ኣይኮነን። ከመዮ ካርል ማርክስ ዝበሎ እቲ ኣውራ ነገር ምልዋጥ እዩ። እዚ ኣብ ወወርሒ ካብ ውሽጢ ዓዲ ኣሰናዲእና ኣብ ውሽጢ ዓዲ ክንዝርግሖ ሓሊንና ዘለና መልእኽቲ-ዜና ድማ ቀንዲ ዕላማኡ ከምዚ ንምግባር እዩ።

እዚ ‘ረፑብሊክ’ ኢልና ሰሚናዮ ዘለና መልእኽቲ-ዜና ኣብ ሓርነት፣ ፍትሒ፡ ልዕልነት ሕጊ፣ ቅዋማውነት ብርቱዕን ድምብርጽ ዘይብልን እምነት ብዘለዎም ኤርትራውያን ኣሕዋት ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝሳናዳእ ወርሓዊ መልእኽቲ-ዜና እዩ። ከም ካልእ ብዙሕ ናይ ‘ሓጋይ ፕሮጀክትታት’ ከይከውን ኣበርቲዕና እናሰራሕናን ከምቲ ዝብልዎ ኣንጻር ተስፋ እናተተስፍናን ብእተኻእለ መጠን ብማሕተምን ብኤለክትሮኒካዊ ኣገባባን ናብ ብዙሓት ዜጋታታና ከም ዝባጻሕ ድማ ክንገብር ኢና።

ከምዚ ኮቲምናዮ ዘለና ዕዮ ወይ ከማኡ ዝመስል ስርሓት ቅድሚና ተበራቢሩ ከም ዘጸንሐ ንፈልጥ ኢና። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ብዓርቢ-ሓርነት ዝዳሎን ዘዝርጋሕን “መቓልሕ ፎርቶ” ዝብሃል መልእኽቲ-ዜና (newsletter)፥ ኣብ ድያስፖራ ብዓቢ መሃዝነትን ዘይበቕቐ ተወፋይነትን ብዙሓት ብልህታት ኤርትራውያን ዝዳለዋ ከም ዓዋተ፣ ኣዝማሪኖን ኣሰናን ዝኣመሰላ መርበባት ሓበሬታ፥ ከምኡ'ውን ከም ኤረና፣ ኣሰናን መድረኽን ዝኣመሰላ ናይ ረድዮ ትካላት ንህዝብና ኣብ ምሕባር፣ ኣብ ምብርታዕ፣ ፍናኑ ኣብ ምብርባር፣ ሽግሩ ኣብ ምንጋር ዝዓይኦ ዘለዋ ኣደናቒ ግብሪ ከም ኣብነት ንፈልጦን ዓቢይ ክብሪ ንህቦን ጥራይ ዘይኮነስ ናይዚ ክንዓዮ ቀሪጽና ተላዒልናሉ ዘለና ግብሪ መሰረትን ድሪኽትን ንሳተን ኢየን።

ተመሳሳሊ ዕዮ ምጅማርና ከኣ ከምቲ ኣብ መንጎ ብዙሓት ካባና ሰፊኑ ዘሎ፡ ካብ ባዶሽ ናይ ምጅማር፣ ዕንክሊል ከም ብሓድሽ ናይ ምምሃዝ ወኒ ስለ ዝሓደረና ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንግዚያኡ ምስ ካልኦት ወገናትና ክንሰርሓሉ እንኽእል ናይ መራኸቢ መስመራት ስለ ዘይፈጠርና እዩ። ነዚ መስመራት ኣብ ምፍጣር ክንሰርሕን ንዝተበታተነ ናይ ውሽጢ ሃገራዊ ጽዓትን ድሌትን ኣብ ሓደ ኣብ ምስማር ከነበርክትን ድማ ካብቲ ቀንዲ ቀዳምነታትና እዩ። እምብኣር፣ ንመልእኽቲ-ዜና ‘ረፑብሊክ’ ከነሰናድው ከለና ብዘይካቲ ኣብ ሃገርና ለውጢ ኣብ ምምጻእ ንዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ምብርታዕ ነዞም እንዝርዝሮም ሓፈሻዊያን ዕላማታት ኣብ ኣእምሮናን ልብታትናን ብምግባር ኢና።

1. ዲሞክራሲያዊት፣ ቅዋማዊት፣ ብልዕልነት ሕጊ እትግዛእ፣ ሰብኣዊን ዜግነታዊን ክብሪ ዜጋታታ እትሕሉ፣ ፖለቲካዊ ይኹን ኤኮነምያዊ ወይስ ባህላዊ ድንክነት ዘይትቅበል፣ ምስ ጐበሳን ከባቢኣን ዘሰኸነት፣ ኤርትራ ንምቋም ኣብ ዝግበር ገድሊ ንምብርካት፥

2. ነቲ ብኻልኦት የሕዋትናን ኣሓትናን ኤርትራውያን ብዝተፈላለዩ ሚድያታት ዝግበር ዘሎ ናይ ዜናን ዘተን ግብርታት ናይ ውሽጢ ኣጠማምታታትን ሓበሬታታትን ምውሳኽ፡ በዚ ድማ ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተስፋ እናሃበ ዝኸይድ ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ጭቀናን ደስጾጥነትን ካልእ ኩሉ ምስኡ ዝመጽእ ክፉእ ነገርን ንእሽቶ ኣበርክቶ ምግባር፥

3. ኣንጻር ፖለቲካዊ መጽቀጥቲን ዕፈናን ዘሰዓቦ ምሁራዊ፣ ባህላዊን ቋንቋዊን ዝርገትን ድንክነትን ምቅላስ፥

4. ብጽሕፈትናን ሓሳባትናን ገይርና ነቲ ብምኽንያት እቲ ነዊሕ ናይ ፕሮፓጋንዳ ስርሒታት፡ ኣባናን ኣብ ብዙሓት ወገናትናን ሰፊኑ ዘሎ ጸልማት ኣተሓሳስባታት፣ ዘይነጸረ መርገጽታት፣ ወሰኑ ዘይፈለየ ስሚዒታት፣ ዝተደባለቐ ዘረባታት፣ ኣብ ስምዒት ዕንክይ ዝብል እህህታት፣ ዘይተመለአ ሓረጋትን ዓረፍተ-ነገራትን ናብ ተነጺሩ ዝተቐመጠ ሓሳባትን ምጉታትን ምብራኽ፥

5. ነቲ መሰረታዊን ባህርያዊን ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ንቡር ሃረርታን ናፍቆትን ምዕጋብ፥

6. ገዛእ ህይወትናን ህይወት ሃገርናን ኣብ ዝጸልዉ ዓበይቲ ውሳነታትን ሓይልታትን ዝኑባት ተዓዚብቲ ኮይና ብምጽናሕና ዝሰምዓና ሕፍረት፣ ቃንዛ፣ ትሑትነት፣ ባዶነት ወዘተረፈ ዋላ ብንእሽቶይ ዓቀን ይኹን ንምጉዳል።

ኣብ ዝመጽእ ሕታማትና እነመሓይሾን እንውስኾን ዓምድታት ክህሉ እኳ እንተኾነ ንሎሚ ግን ፖለቲካዊ-ቁጠባ፣ ረፑብሊክ-ፎረም፣ መሰል፡ ሕግን ስልጣንን፣ ትዕዝብትታት፣ ሕውስዋስ ዝብሉ ዓምድታት ሒዝናልኩም ቀሪብና ኣለና።

# መሰል፡ ሕጊ ፡ ስልጣን

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ በዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ብቐጻሊ ኣብ ኤርትራ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ርግጸት ግዝኣት-ሕጊ፡ ግህሰት መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታትን፡ እናቀልዐ ዝሰንድ ዓምዲ እዩ።

ከቢረ ብርሃነ

## 18 መስከረም፡ ዘኽርን ነፍሰ-ምቍርቋርን

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ በዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ብቐጻሊ ኣብ ኤርትራ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ግህሰት መሰረታዊ መሰላትን ሓርነታትን ዜጋታት፡ ንምቅላዕን ምስናድን ዕላማ ብምግባር ይብገስ ኣሎ። ኣብ'ዚ ፈላማይ ዓንቀጽ ድማ፡ ንዝኽሪ 18 መስከረም ምኽንያት ብምግባር፡ ንማእሰርቲ ናይቶም ኣብቲ መዓልቲ ተቐይዶም ዝተሸርቡን ካልኦት ብተማሳሳሊ ኩነታት፡ ንዝሓሸ መጻኢ ስለ ዝጠለቡ ጥራይ ኣብ ፈቐዶ ቤት ማእሰርትታት ሂወቶም ዝበሊ ዘሎ ዜጋታት እናዘከረ፡ ማእሰርቶም ዘሰክምና ሞራላዊ ሓላፍነትን ሰኞ ስለ ዝመረጽና ንኽፍሎ ዘለና ዋጋን ንምግላጽ ክፍትን እዩ።

## ደብዳቤ ምኣዛን ሞራላዊ ብድሆኣን

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም፡ መበል ዓሰርተ ሰለስተ ዓመት ሸርበት ናይቶም ንለውጢ ዝጠለቡ ላዕለዎት ሰበስልጣን ኤርትራን ዝነበሩ ዜጋታትን ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ዘካይዱ ዝነበሩ ጋዜጠኛታትን ዘኪርና። እቲ ኣጋጣሚ ብዝተፈላለያ ኣብ ዳያስፖራ ዝርከባ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ሲቪካዊ ማሕበራት፡ ከም ኤውሮጳዊ ሕብረት ዝኣመሰሉ ኣህጉራውያን ውድባትን ትካላትን ብቐንዱ ድማ ኣብ ናይ ተቓውሞ ሜድያታትን ብዝተኻየደ ጽዑቕ ናይ ዝኽሪ መደባት ብግቡእ ተንጸባሪቑ እዩ። እዛ እትሰዕብ ደብዳቤ ድማ፡ ምኣዛ ጴጥሮስ ሰለሙን በቲ ኣጋጣሚ ነቲ ንዝሓለፈ 13 ዓመታት ኣብ ቀይዲ ዝርከብ ኣቦኣ ዝጸሓፈታ እያ። ደብዳቤኣ ብቛንቋ እንግሊዝ ተጻሒፉ ኣብ ኣዝማሪኖ.ኮም ዝሰፈረት ኮይና፡ ናይ ትግርኛ ትርጉማ ከምዚ ይንበብ፦

## ዝኸበርካ ባባ፡

ኣብ ዝሃለኻ ሃሊኻ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን መበል 17 ዓመት በዓል ልደተይ ንምዝካር ከምዝይረሳዕካዮ ርግጸኛ እየ። ሓደ ነገር ክነግረካ ግን እዚ ናይ ሎሚ ከምቲ ኣብ ኣስመራ ብሓባር ዘብዓልናዮ መበል ራብዓይ ዓመተይ ኣይነበረን። ሽዑ'ውን ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ማማ ኣብ ኣሪዞና ትምህርታ ትካታተል ስለ ዝነበረት ምሳና ኣይወዓለትን። ሎሚ ድሕሪ 13 ዓመት፡ ወላ'ውን ነቲ ሂወት ዳግም ክነብሮ ከምዝይክእል እናፈለጥኩ፡ ነቲ ጽቡቕ ዝኽርታት ግን ምሳይ ዓቂበዮ ክኸይድ ይፍትን ምህላወይ ትግምት'ዶ ትኸውን?

ዝኽሪ ናይዚ ካባና ኣዝዩ ርሒቑ ዘሎ መዓልቲ፡ ኣብዚ ነዊሕ ዓመታት ምስ መንፈሰይ ተወሃሂዱ እዩ። ገለ ስምዒት ናይ ፍቕሪ፡ ናይ ክብረትን ናይ ምስጋናን ድማ ገዲፍለይ። እዚ ምስልኻ ኣብ ኣእምሮይ ንኽቐርጾ ዘኽኣለኒ ናይ መወዳእታ ኣጋጣሚ ክዝክሮ ምኽኣለይ ዕድለኛ እየ። ሓቂ ንምዝራብ ግና ከመይ ኢለ ንምዕቃቡ ኪኢለ ኣለኹ ንምግላጽ ይኸብደኒ እዩ። ብዝይጥርጥር፡ እዚ ምስሊ እዚ እዩ፡ ንስኻ ናይ ሰጋን ደምን ፈቃር ኣቦይ፡ ኣነ ድማ ምሒር ዝናፍቐካ ጓልካ ምዃነይ ዘዘኻኽረኒ።

ኣብ ሂወተይ፡ ዲሒረ እየ ኣብ ዕለት 18 መስከረም 2001 እንታይ ከምዝኸነፈካ ዝፈለጥኩ። ዕለት 18 መስከረም፡ ሰሙን ድሕሪ ራብዓይ ዓመት ብዓል ልደተይ ምዃኑ እዩ። ሽዑ ኢኻ ለካ ካብ ሂወተይ ዝተሰወርካ። ነዚ ዛንታኻ ምስሰማዕኩ፡ ክሳብ'ታ ስምካ ኣብ ጎጉል(google) ኣእትየ ዝርእዮ'ሞ እቲ ሓቂ ዝንጸረለይ መዓልቲ፡ ነቲ ዝተነግረኒ ፈጺመ ክቕበሎ ኣይከኣልኩን። ። ኣብ'ታ መዓልቲ'ቲኣ ግን፡ ንስኻ ጥራይ ዘይኮንካ ማማ'ውን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ከምተሰወረት ፈሊጠ፥ ደንጺዩኒ። ኣብታ ዕለት ሂወተይ ፍጹም ተለዊጣ እያ።

በቲ መዓልቲ ዝተሰማዓኒ ስምዒት እዚ እዩ ክብለካ ኣይክእልን። እዋይ እወ ሽዑ መዓልቲ፣ ሓይሊ ዝብሃል ስኢነ፡ ኩሉ ኣብ ዙርያይ ዝነበረ ነገር ዳግማይ ምርኣዩ ፍጹም ተጸሊኡኒ። ካብ ሽዑ እዋን ኣትሒዘ ብዙሓት ሕቶታት ክሓትት ምስ ጀመርኩ፡ ናይ ቁልዕነት ንጽህናይ ብምጥርጣርን ዘይምትእምማንን ክትካእ ይፍለጠኒ ነይሩ።

እዚ ኣብ ልዕለይ ቦንብ ዝተሰንደወ ኮይኑ ከምዝስመዓኒ ዝገበረ ዘጉህይ ወረ ክሰምዕ ከለኹ ጌና ጓል ዓሰርተ ዓመት ጥራይ እየ ነይረ። ሽዑ ብዘይካ ትሓብኢ ካልእ ኣይመጸንን፤ ትምህርቲ ምኻድን ንደቂ ትምህርተይ ዳግማይ ምርኣይን ምሒር ተጸሊእኒ ነይሩ። ሽዑስ ከምዚ ንርእሰ ተኣማንነተይ ጸይሩ ዝነበረ ናይ እምነተይ ኣዕኑድ ሃደሽደሽ ዝብል ዘሎ ኮይኑ ተሰሚዑኒ። ኣየ'ወ ሽዑ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን እዋን ምሳይ ሃሊኻ ክትሕዘኒ'ሞ፡ እቲ ኣብ ኢንተርነት ዘንበብክዎ ድማ ጌጋ ምዃኑ ክተረጋግጸለይ ዝተመነኹኻ።

እቶም ኣሲሮምኻ ዘለዉ፡ ማማ'ውን ከማኻ ተኣሲራ ከም ዘላ ነጊሮምኻ ይኾኑ'ዶ ኣይኮኑን ርግጸኛ ኣይኮንኩን። ድሕሪ ማእሰርትኻ ናባና ኢላ እንተተመልሰት'ኳ፡ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ክንቅበላ እናተጸበናያ ከለና፡ እቶም እንዳ ጸጥታ ገጻ ከይረኣናያ ወሲዶማ። ስለምንታይ ማማ'ውን ነቶም ኣቦ ዝሰኣኑ ደቃ ኩተዕቢ መጺኣ ክንሳ ኣብ ማእሰርቲ ትበሊ ኣላ ፈጺሙ ክርዳኣኒ ኣይክእልን እዩ።

## ዝኸበርካ ባባ፡

ዕለት 18 መስከረም ዓይነይ ዓሚተ ካብ ዝኽረይ ከጥፍኣ ኣይክእልን እየ። በንጻሩ ሎሚ፡ ከመይ ኣቢለ ምስ ዝገጥመኒ ክውንነትን ዘቑሰለኒ ሕሉፍ ዝኽሪን እናነበርኩ ሓያል ሰብ ንክኸውን ተማሂረ እየ። እቲ ኣባኹም ዝወረደ መከራ ነዚ ንኡስ ሂወትይ ከዘናብሎ ኣይከፍቅድን እየ። እወ ንዓኻን ንማማን ክብል ክሕይል ጥራይ እዩ ዘለኒ።

ኑቲ ምጥፋእኩም ኣብ ሂወተይ ዝፈጠሮ ሃጓፍ ዝመልእን ንሓሳበይ ዝጸምድን ገለ ዕላማ ክህልወኒ ኣለዎ። እቲ ጓሂ ክትጻወሮ ኣዝዩ ከቢድ'ውን እንተመሰለ፡ ጓሂ ንሕልናይ ከይቀትሎ ምክልኻል ግን ከድልየኒ እዩ። ኑቶም ንስኻ ትኣምነሎም ሓሳባት ከቃልሕን ኑቲ ዝወረደና ሓሳር ክሰዕርን ምእንቲ፡ ክሳብ እቲ ዝኽእሎ ብልጽቲ ሰብ ክከውን ክፍትን እየ።

## ዝኸበርካ ባባ፡

ንስኻን ማማን ኣብዘይብሉ፡ ኣብ ገዛና ጽቡቕ ናይ ስድራቤት ሂወት ብምፍጣር፡ ኑቲ ነዊሕ ጉዕዞ ብሓባር ንጓዓዞ ኣለና። ኣነ ንኑብሰይ ከምዝኸሰርኩ ዝሓስባ፡ ኑቲ ንዓኻ ኣብ ቀይዲ ዘብልየካ ዘሎ ዕላማኻ፡ እምነታትካን መትከላትካን እንተረሲዐ ጥራይ እየ። ንዕኡ ክሳብ ዝከኣለኒ ዓቂበዮ ክኸይድ እየ። እትምንታይሲ ሓደ እዋን፡ እነን ካልኦት ብዙሓት ከማይን፡ ኑቶም ዕላማታት እነተግብረላ መዓልቲ ክትመጽእ ምኻና ስለዝፈልጥ። እቲ ጸልማት ሓይሊ ናይቶም ኣሲሮምኻ ዘለዉ ሰባት፡ በዚ ኣብ ውሽጣይ መዓልታዊ ዝኹላዕ ዘሎ ብርሃን ጥራይ እዩ ክሰዓር ዝኽእል። እቶም ብኸም ናትካ መትከላት ዝተጸልዉን ዘይፍትሓዊ ማእሰርትኻ ዝተንከፎምን ሰባት፡ ባርዕ ሓርነት ኣብ ልቢ ብዙሓት ኤርትራውያን የላብዑ ከምዘለዉ ከረጋግጸልካ ይኽእል እየ።

ኩሉ ግዜ ምሳይ ዘለኻ ኮይኑ እዩ ዝስማዓኒ። ኣብቲ ጽምው ዝብለኒ እዋን ኣደዓዓሲ ደሃይካ ይሰምዖ ኣለኹ። ሽዑ ሓርነትካ ብመራሕቲ ናይታ ንስኻን ብጾትካን ሓራ ዘውጻኹማ ሃገር ከምዝተዘምተ ክነግረካ ይፍትን። እንኮ ገበንካ ድማ፡ ንሓርነት ህዝብኻ ስለ ዝጠለብካ። እዚ ንዓይ ገበን ኣይኮነን፡ እዚ ትብዓት እዩ። ገዛና'ውን ልክዕ ከምቲ ናትካ ሓርነት ተዘሚታ እያ፥ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ትብሊ ዘላ ሱብኣያ ዝሰኣነት ሰበይቲ፡ ንእስነቶም ዝተሃሰየ ኣቦ ዘይብሎም ቆልዑ. . . . ።

ቅድሚ ምዝዛመይ፡ ንዓኻን ንማማን ብጣዕሚ ከምዘፍቅረኩም ክነግረካ። ብሞተየ ናፊቐኩም ዘለኹ፡ ኣብ ገዛና ዳግም ክንተኣኻኸብ ሕጂ ሕጂ ውን ይኹን ቅርብቲ ኣለኹ። ኣብ ገዛ ክትቅበለኒ ድልው ኣብ ዝኾንካሉ በጃኻ ጸዋዓኒ።

*ካብ ፈቃር ጓልካ*

*ምኣዛ*

*መዘኻኸሪ*

*መመረቕታይ ሰነ 2015፡ ተሰፋ ይገብር ምሳይ ክትውዕል።*

እቲ ብኣዝዩ ጽንኩር ገድልን ሓበራዊ መስዋእትን ዝተረኽበ ናጽነት፡ ኑቲ ኣብ ልቢታት ኩሎም ናጽነት ዝሃረፉ ዜጋታት ዝነበረ ተስፋ ናይ ኩሉ ዓይነት ውልቃዊ ሓርነታት ክውን ኣይገበሮን። ፖለቲካዊ መጽቀጥቲ፡ ምጽቃጥ ናይ ምዝራብ፡ ምጽሓፍን፡ ምንቅስቓስን መሰል፡ ኣብ ውሽጢ ናይ ክተት ፖለቲካ ዝትግበር ወተሃደራዊነትን (regimentation)፡ መለለይ ናይዚ ኣብ ትሕቲ እዚ ህልው ስርዓት ንነብሮ ዘለና 'ሃገራዊ ናጽነት' ኮይኑ ኣሎ።

እቶም ዝሓሸ ከምዝከኣል፡ ሃገርን ህዝብን ካብዚ 'እከይ ዕንክሊል' እዚ ክወጽኡ ከምዘለዎም ብምዝራብ፡ ብድፍረት ንስልጣን ዝበድሁ ሰባት ድማ ብዘይ መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብረትን ድንጋጌን፡ ብዘይ ግቡእ መስርሕ ፍርዲን ኣብ ቀይዲ ይበልዩ ወይ ሃለዋቶም ክጠፍእ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ። ማእሰርትን ሃለዋት ምጥፋእን ናይ ብዙሓት ደቂ ሃገር ከኣ፡ ዓሚቕ ቁስልን ዘሕዝን ምብትታንን ኣብ ብዙሓት ስድራቤታት ኤርትራ ፈጢሩ እዩ።

ደብዳቤ ምኣዛ እምብኣር፡ ስምዒት ብዘንቕንቕ ኣገባብ፡ ኑቲ ድሕሪ ማእሰርቲ ኣቦኣን ኣዲኣን፡ ንዓኣን ንስድራቤታን ዘጋጠመ ኩነታት እናዘንተወት፡ ኑቲ ብዙሓት ስድራቤታት ኤርትራ፡ ቅድምን ድሕርን መስከረም 2001፡ በዚ ናይ ማእሰርቲ፡ ዝኽትምናን ምብትታንን ተመክሮ ዝሓልፍዎ ዘለዉ ሂወት እትውክል ዛንታ እያ።

እዚ ዛንታ'ዚ፡ ኣብ ቅድሚ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ናይዛ ሃገር ዝግትሮ ሞራላዊ ብድሆ ኣሎ። እቲ ምእንቲ ህዝቢ ዝሓሸ ናብራን ሓርነት ክረክብ ኣቤት ስለ ዝበለ፡ ውልቃዊ ሓርነቱ ፍጹም ዝኸሰረ፡ ደቁ ዘዞኸተመን ቤቱ ዝባደመን ዜጋ፡ መከርኡ እናነውሐ፡ ናይ መንፈስን ኣካልን ስቓይ ኣብ ልዕሊኡን ስድራቤቱን እናወረደ ስቕ ኢልና ክንዕዘብ፡ ከመይስ ከመይ ኣቢሉ ሕልናና ይቕበሎ? ብፍላይ እዚ ሞራላዊ ሕቶ'ዚ ንሙብዛሕትና 'ዓዲ ሰላም' ኣሎ ኢልና ወይ ከምኡ መሲልና፡ ብዘይ ዝኾነ ኑቶም ዋጋ ዝኸፍሉ ዘለው ዜጋትታ ዝዋሃብ ናይ ድንጋጼ ስምዒት፡ ዘይንቡር ከም ንቡር ወሲድና ወሰን-ወሰን እናበልና ምልኪ ተቐቢልና እንኸይድ ዜጋታት ይብድህ ኣሎ።

በዚ ኣካይዳና፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ገለ ጀርመናውያን ኣብ እዋን ናዚ ነይሩ ዝብሃል፡ ንወገንካ ንዘበጽሖን ዝኾናን ሸለል እናበልካ እቲ ማዓት ኣባኻ'ውን ክሳብ ዝበጽሕ ምጽባይ ዝመስል ኩነታት ንደግሞ ዘለና ንመስል። እስከ ንኑብሰና ኣብዚ ዝስዕብ ንጀርመናውያን ኣመልኪቱ ድሕሪ ውድቀት ናዚ ዝተባህለ ጥቕሲ ብምእታው ንፈትሻ፥

*ናዚ፡ ንኮምኒስት ኣሰርዎም፡ ኣነ ድማ ትም በልኩ፡ ንምንታይሲ ኮምኒስት ኣይነበርኩን፣*

*ጸኒሖም ኑቶም ሶሻል ደሞክራትስ ወሰድዎም፡ ሕጂ'ውን ስቕ በልኩ፣ ንምንታይሲ ሶሻል ደሞክራት ኣይኮንኩን፣*

*ንማሕበር ሰራሕተኛታት'ውን ኣሰርዎም፣ ኣይተዛረብኩን፡ ንምንታይሲ ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣይነበርኩን፣*

*ድሕሪ'ዚ ንኣይሁድ ኣኩብዎም፣ ኣጽቀጥኩ፡ ንምንታይሲ ኣይሁዳዊ ኣይኮንኩን፣*

*መወዳእትኡስ ንዓይ'ውን ኣሰሩኒ ድኣ፣ በቲ እዋን፡ ምእንታይ ዝዛረብ ሓደ'ኳ ዝተረፈ ኣይነበረን።*

እዚ ጥቕሲ'ዚ ካብቲ ማርቲን ኒሙለር ብዝተባህለ ጀርመናዊ ቀሺ፡ ኣብ 1946 ንውልቃዊ ተመኩርኡ መሰረት ብምግባር፡ ህዝቢ ጀርመን ኑቲ ሓርነታትን መሰላትን ህዝቢ ብሕሱም ኣገባብ ዝግህስ ዝነበረ ስርዓትን ናዚ ጠጠው ንምባል ሞራላዊ ሓላፍነቱ ከምዘየልዓለ ነዚ ድማ ዋጋ ከምዝኸፈሉ ዝትንትን እህህታ ዝተወሰደ እዩ። እዚ ቀሺ ኒሙለር ንህዝቢ ጀርመን ዘሰከሞ ሞራላዊ ውድቀት፡ ንዓና ንኤርትራውያን'ውን ብማዕረ ዝመልከት ምኳኑን ዘይኳኑን ምስታንታን የድልየና ኣሎ።

## እቲ ናይ ዕለት ዋጋ

ነዚ ሞራላዊ ሓላፍነት ዛጊት ዘይምልዓልና ወይ ከነልዕል

ዘይምድላይና፡ ንሕልናና ጥራይ ዝተርፍ ነገር ኮይኑ ኣይንረኽቦን። ንምንታይሲ፡ ዋጋ'ቲ ብሰቕታ ክንሓልፎ ዝመረጽና ጉዳይ ኣብቲ እናሓሰመ ዝኸይድ ዘሎ ሂወትና ክንከፍሎ ንዕዙብ ስለ ዘለና። ነዚ ኣብነት ክኾነና ሕሉፍን ህልውን ኩነታትና ንምንጽጻር ምእንቲ ክንክእልን፡ ገለ ካብቲ ናይ 2001 ተንቀሳቓሰቲ ኣብ ትሕቲ ቅልዕቲ ወረቐት ናብ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣገደስቲ እዋናውያን ጉዳያት ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ነሓሰ 13/08/2001 ዝዘርግሕዎ ሰነድ ዝተወሰደ ጽሑፍ ንርአ፦

*ኤርትራ ኣብ ኣዝዩ ኣገዳስን ተኣፋፍን መድርኽ ኣትያ ትርከብ። እዚ መድርኽ'ዚ፡ ኣገዳሲ ቀለቤት ኣብ መንጎ ናይ ዝሓለፈ መሰጋገሪ እዋን ሕሉፍ ተመኩሮን፡ መላእ ህዝቢ ኣቋሚቱ ዘማዕድዎ ዘሎ ቅዋማዊ መጻእን እዩ። ኣብዛ እዋን እዚኣ ዝህሉ ኣተሓሕዛ ናይ ጉዳያት ከኣ፡ ቅኑዕ ምስግጋር ናብ ርግኣት ዘበስር ስርዓት፡ ወይ ግጉይ ምንሸርታት ናብ ርግኣትን ፍትሕን ዝዕንቅጽ ኩነታት ዘመርሕ፡ ወሳንን ፈታንን መስርሕ ክኸውን እዩ።*

*ሎሚ ልክዕነት ናይዚ ትንቢታዊ ጽሑፍ እዚ ርእሰ ግሉጽ እዩ። ኣብቲ እዚ ጽሑፍ ዝተዘርጋሓሉ እዋን ግን፡ ክንደይ ካባና፡ እቲ መልእኽቲ ጣቋ ናይ ንፖለቲካዊ ስልጣን ዝቃጸጹ ዘለዉ ፖለቲከኛታት መሲልና ይኸውን? ድሕሪ ኣብ ዝሓለፈ 13 ዓመት ዝተሞኮርናዮ ንስደትን ድኽነትን ዘቀላዓና መሪር ናይ ምልኪ እዋናት ግን፡ ሓቅነት እዚ ምጉት ኣብ ግብሪ ክርአ መሲኪርና። ኣቤት እወ ሽዑ፡ 'መን ኢልዎን እንታይ ደሊዩ ከምኡ ኢሉን' ኢልና ናብ ጓል መንገዲ ከየንሸራረትና፡ ንሚዛን እቲ ሓሳባት ዕድል ሂብናዩ እንተንኸብር. . . . !*

እቲ ናይ 2001 ጽሑፍ ቀጺሉ፥

*ኣብ ገምጋም ዝሓለፈ ተመኩሮ፡ ናይ ኣርኣእያ ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ ከምዝኾነ መጠን፡ ኣብ ድሌታትን ሃንቀውታትን መጻኢ'ውን ፍልልያት ክህሉ ትጽቢት ክግበረሉን ምጽውዋር ክህሉን ዝሓትት እዩ። . . . . .. . . . ሓድነት ህዝቢ፡ ኣብ ድሌት፡ ማዕርነት፡ ተሰታፍነትን ምሽራኽን ይድልድል እምበር፣ ብጭርሖ፡ ብምጭዳር፡ ብምጉብዕባዕን ብስልበጣን ኣይመጽእን። ልኡላውነት ሃገር ዝሕሎን ኣድማዒ ዝኸውንን፡ ኣብ ፍቕሪ ሃገርን፡ ዕግበት ምሕደራን ተወፋይነትን ዝድርኽ ፍትሕን እምበር፣ ብኣስገዳድን፡ እምነትን ተገዳስነትን ብዘዳኽም ኣገባብ ኣይከውንን። ህዝቢ ንነዊሕ ግዜ ጥሜትን ሽግርን ክጻወር ይኽእል፡ ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን ተነፊጉ ግን፡ ንነዊሕ ክጽመም ኣይክእልን። ምኽንያቱ፡ ፍትሕን ጽቡቕ ምሕደራን እንተዘይሃልዩ፥ ካብ ጥሜት፡ ሕማም፡ ድኽነት፡ ድንቁርናን ውግእን ክገላገል ከምዘይክእል ስለ ዝፈልጥ።*

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ኣብዚ ሃገር ዝተኸደ መንገዲ፡ በንጻር እዚ ኣብዛ ዝተንቐንጨለት ጽሕፍቲ ሰፊሩ ዘሎ እዩ። ናይ ኣረኣእያ ፍልልይ ይትረፍሲ ክጽወር፡ ከምኡ ከምዝክኣል'ውን ንኽንርስዕ ተማሂርና። ወተሃደራውነት፡ ንስሩዕ ሲቪላዊ ሂወትን ምሕደራን ተኪኡ ኣካል መዓልታዊ ሂወትና ኮይኑ። ኣብዚ 'ብዘመነ ጀነራላት' ዝፍለጥ ሕሱም እዋን፡ ወተሃደራዊያን ሓለፍቲ፥ ክገፋናን ክኣስሩናን ዶብ ዘይብሉ ስልጣን ረኺቦም። ብርግጽ ድማ፡ ከምቲ ኣብዚ ጽሑፍ ዝተገልጸ፡ ሰብ ንሕማቕ ምሕደራ ንነዊሕ ክጻወር ከምዘይክእል፡ በቲ ኣማኢት ኣሽሓት ካባና፡ ምስናይ ኩሉ ንሂወት ዝፈትተን ሓደገኛነቱን መከርኡን፡ ንኽስደዱ ዝወሰድዎ ምርጫ ብግብሪ ተራእዩ እዩ። እዚ ምርጫ'ዚ ግና ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ ንዘሎ ሞራላዊ ሕቶ ዘይምልስን ካብ መከራና ዘየላቕቕን ምኳኑ ብሩህ እዩ።

# ትዕዝብቲታት

እዚ ዓምዲ'ዚ፡ ንዝተፈላለዩ ጸላም ዝጋረዶምን ዝተረሰዑን ዝመስሉ ገጻት ህይወት ናይዚ ሃገር እናልዓለ፡ ዓሚቝ ገለጻን ትንተናን ዝሓቑፉ ጽሑፋት የአንግድ።

## ኣብ ስንጭሮ ዝተደብአ ሕልሚ

ተስፎም ሃብተ

ዕድመ ብጽሕነት ወርቃዊ ወቕቲ ህይወት ወዲ ሰብ'ዩ። ሓደ ሰብ ኣብ እዋን ቁልዕነቱ ምስ ህይወት ድሕሪ ምልላይ'ዩ፡ ኣብዚ እዋን ምስ ዓለም ብዕትበት ክፋለም ዝጅምር። ኣብዚ ግዜ ኩሉ ዓቕምታቱ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ይበጽሕ። ቀላጽሙ ዓንቲሩ ኣእምሮኡ ሰፊሑ፡ መንእሰይ ዙብል ግሩም መጸውዒ ይወሃቦ። መንእሰይ ዕምባባ ዓንቢቡ ፍረ ንኸፈሪ ናብዝን ናብትን ይብል። ንህይወቱ ትርጉም ዘልብስ ስራሕ ክዓምም ሰለም ኣየብልን። መንእሰይ ይሰርሕ፡ ንኑብሱ ይዓቢ፡ ስድራ ይጥውር፡ ሕብረተሰብ ይግስግስ፡ ሃገር ትቐስን ቤት ሓበን ድማ ትኸውን። ኤርትራዊ መንእሰይ ግን መንእሰይ ከይከውን ካብ ዝሕረም ነዊሕ ኣቚጺሩ ይርከብ። ዛንታ መንእሰይ ኤርትራ ዛንታ ሸምዓ-ኣብ-ውሸጢ-ዕትሮ ኮይኑ ባህግታቱ ከስምር ኣይበቀዐን ዘሎ። ብሉጽ ግዝያት ህይወቱ ደረት ኣልቦ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሻምይዎ። ነጡብጣብ ረሃጹ፡ ኣብ ፍረን ቁምነገርን ዘይብሉ 'ፕሮጀክትታት ልምዓት' ባኺኑ። እታ ዝዓበየትን ዝጠንተወትን መሰኮት ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ዝነበረት ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ተለኪታ፡ ከም መተካእታኣ ኣብተን መዓስከር~ኮለጃት ጥምዓዊ ፍልጠት ይወሃቦ'ሎ። ካብ ሃገር ተሰዲዱ ድማ ዘሰካሕክሕ ሕልፈት ከሕልፍ ብምሉእ ቀልብና ንምስክር ኣለና።

እዚ ኣርእስቲ ምልዓሉ ሓፈሻው ኩነታት መንእሰያትና ትንክፍ ትንክፍ ኣቢለ ክሓልፎ ስለ ዝደለኹ ኣይኮነን። የግዳስ ኣተኩሮ ብምጽባብ ሃለዋት ናይቶም ንኣዋርሕ ኣብ ሩባ ሕዳይ ኣፍዓበት ዓስኪሮም ዘለዉ ተመሃሮ 26 ዙርያ ንምሕታት'ዩ። ቀድሚ ዓመት



ተመሃሮ 26 ዙርያ፡ መንበሮ ኣብ ትሕቲ ጽላል ጨዓ

ኣቢሉ እዞም ተመሃሮ 26 ዙርያ ክምደቡ ብማለት ካብ ኩሉ ኩርንዓት ኤርትራ ናብ ሳዋ ተመሊሶም። ምስኦም ሓቢሮም ናይ ሰርትፍኬት ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ 25 ዙርያ ኣብ ሃማሞስ ንኽመሃሩ ንሳዋ ወሪዶም ነይሮም። እዞም ተመሃሮ ኣብ ሳዋ ክመሃሩ ስለዘይፈተዉ ተቓውሞኦም ክሳብ ቬትሮታት ምስባር ዝኸይድ ስጉምትታት ብምውሳድ ገሊጾም። ከም ሳዕቤኑ ምስቶም ኣቐዲሞም ንኣፍዓበት ክኸዱ ዝተወሰነሎም ኣባላት 26 ዙርያ ሓቢሮም ክብገሱ መምርሒ ተመሓላሊፉ። ኣብ ምብጋሶም ኩሉ ውልቃዊ ንብረቶምን ስንቆምን ተሓዲጎም ኣብ ኩሉ ሰብ ከምዝማቓራሕ ተገይሩ። ጉዕዞ ምስ ተጀመረ ብዛዕባ መፈጸምትኡ ይኹን መዓልብኦም ዝፈልጥዎ ኣይነበረን፥ በቃ ምብጋስ ጥራሕ። ጸሓይ እንክትበርቕ ዝጅመር ጉዕዞ ጸሓይ ኣብ ምዕራባ ይዛዘም። ዕረፍቶም ኣብ በረኻ፣ ልዋም ድቃሶም ኣብ ኩርኳሕ ባይታ ምስ ቁሪ ኣስሓይታ እዩ ዝነበረ። ደድሕሪኦም ዝስዕባ መካይን ንመግቦም ዝኸውን ሕሩጭ ተሰኪመን ይስዕባ። ኣኣብ ዘዕረፍሉ ብናይ ኣሃድኦም መቕሎ ሕንክሮ ሰኪንቶም ንሩሕ መስረሪ ዝኸውን ይለኽፉ። ከምዚ ዝበለ ጉዕዞ ብዘይምቁራጽ ን21 መዓልታት ልዕሊ 370 ኪሎሜተራት ቀጺሉ፣ ኣብ ከባቢ ኣፍዓበት ሩባ ሕዳይ ምስ በጽሐ ኣኽቲሙ። ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ተመሃሮ 25 ዙርያን ናይ ሰርትፊኬት ነጥቢ ዝነበሮም 26 ዙርያ እንደገና ናብ ሳዋ ተመሊሶም። እንተ’ቶም ዝተረፉ ነጥቢ ዘይነበሮም ኣባላት 26 ዙርያ ክሳዕ ሕጂ ኣብ በረኻታት ተደርብዮም ይርከቡ።

ሩባ ሕዳይ ሰብ ዝቕመጦ ከባቢ ኣይኮነን። ኣብ ጭውው ዝበለ በረኻ ኣብ ትሕቲ ንኣሽቱ ቆጥቋጥ ብኣንሶላ ጽላል ብምስራሕ ተቐሚጦም። ንግሆ ብምትንሳእ ዝጅምርዋ ዕለት ድሕሪ ቁርሲ ንመሰንከቲ ሕንክሮ ዝኸውን ዕንጸይቲ ኣኪቦም ድሕሪኡ ብዘይ ወላሓንቲ ቁምነገር ጸሓይ ይዓርብ። ምስ ምሕላፍ ነፍሲ ወከፍ መሰፈር ግዜ ጉልበትን ንእስነትን መናእሰይ ይባኽን። ካብቲ ዘገርም፣ ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ብምምጻእ፣ ቀጻሊ ናይ ባህሊ መደብ ዝሰርዓሎም ምኳኑ’ዩ። ወናማት ግዲ ኮይንና ድማ፣ ተለሃይቲ ኣይሰኣኑን። ዕላማ’ዚ መደብ-ምዝንጋዕ ካሕሳ ኣምሳያ ዝተሰርቀ ግዜ ድዩ ወላስ ግዜ ይሰረቕ ከምዘየሎ ንምዝንጋዕ ግን ንጹር ኣይኮነን።

ሰብ ሓራ ኮይኑ ይፍጠር። ሓርነቱ ምስ ዝስእኖ ድማ ኣብ ጸገም ከም ዘሎ ኣየማትእን። ክፉል ተፈጥሮን ፈጣርን ዝዓደልዎ ባህሪ ስለዝስእን። ሓደ እኹል ሰብ ድማ ዋና ነብሱ’ዩ። በዚ መሰረት ንዘወሰዶም ምርጫታት ሓላፍነት ይስከም። እቲ እዚ ስርዓት ዘስገደደልና ‘ምምዳብ’ ግና ሓርነት ስለዝነፍግ ንቡር ኣይኮነን። እዛ ሂወትና ተኾናታሪ ረኺባ በዚ እተዊ በቲ ኣይትእተዊ፣ ሳዋ ክረሚ ኣፍዓበት ቀንዩ ክትበሃል መዓስ ንቡር ኮይኑ?! ከምዝመስለኒ ናይ ነፍሲወከፍና ህይወት ንነፍስወከፍና ይምልከት። ሃገር ድማ ንኹላትና ብማዕረ ትብጽሓና፣ ንሓደ ከይቀረበት ንሓደ ከይረሓቀት። ሓደ ውልቀሰብ ብጨሓሙ ዝበለየ ካምቻ ጌሩ እንከሎ ኣብ ገድሊ ዝተሳእሎ ስእሊ እንተርኣየኒ፣ ኣቦይ ከምዝተሰውአ ክነግሮ ይፈቱ። ዝቐደመ ወለዶ መሪር ህይወት ስለዝሕለፈ ንመንእሰይ ወለዶ ካብ ኣሰረይ ብኽንዲ በሰር ከይትእለ ክብሎ ኣይግባእን። ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ሰለሙን ድራር ደራሲ መጽሓፍ ቅያ 18 ደቓይቕ ከዘንቱ ናብዞም ኣሕዋት መጽዩ ነይሩ። መልእኽቱ ነቶም ተመሃሮ ‘ኣጆኹም ሰንኹም ንኸሱ! ካልእ’ዩ ተሓሊፉ’ ምኳኑ እዩ። ግና እቲ ዝተጋደለስ፣ እቲ ዝተሰውኣስ ምእንቲ ዝደሓሩ ወለዶታት ካብ መግዛእቲ ወጽዮም ብሓርነትን ዊንታኦምን ክነብሩ ዶ’ኸይነበረን? ካልእ ዝስራሕ ቅያ ከምዝተሳእነ ኣብ ዙርያ ሓንቲ ዕንክሊል ከነኹድድ ዓመታት ምስ ኣቑጸረ ዝጠፈሸ ነጋዳይ. . . ዘዩብል ኣይኮነን።

ብመሰረቱ ኣብ ብርኮም ዘስተንፍሱ ኣጉባዝን ጎራዙን ኣብ ጣሻ በረኻ ንሶምን ሕልሞምን ጀሆ ክትሓዝ ንረብሓ መን’ዩ? ንገዛእርእሶም ክንብል ኣይንኽእልን። እዞም ተመሃሮ ብጉድለት መግብን መድሃኒትን ይሳቀዩ እዮም ዘለዉ። ብተወሳኺ ከም ሓካኪን ዝኣመሰሉ ናይ ቀርበት ሕማማት ድማ ቀጻሊ ምስተጠቅዑ’ዮም። ኣብዚ ክረምቲ፣ እዘን ኣእጋረይ ሕሙም ክበጽሕ ናብ ሓሊበት ወሲደናኒ ነይረን። ተጻናተውቲ ኣእዛነይ ድማ ኣብኡ ዝሕከም ዝነበረ ዕስራ ዘይረገጸ መንእሰይ፣ ደም ወዲኡ ካብ ኣፍዓበት ከምዝመጸን ሸውዓተ ከረጺት ደም ተለጊሰሉ ንስክላ ከም ዝደሓነን ኣስሚዐናኒ። ተካል ሰማዕ!!

ኣኣብ ዘስተንትነሉ፣ ኣዴታቶም ዝህባኦም ዝነበራ ቁራስ እንጌራን መኣዲ ስድራቤታቶምን ብትዝታ ከምዝረኣዮም፣ ካብኡ ሃዲሙ ዝመጸ ወዲ ገዛውቲ ኣዕሊሉኒ። ዝፈሰመ ወጅሂ ገጹ ገና ሕሰሙ ኣይቀንጠጠን ዝነበረ። ንሱ፥ መግቢ መግቢ ምኳን ተሪፉ፣ “ከምዛ ባትሪ ዝወድአት መኪና ደፊእካ ወይ ብናይ ካልእ መኪና ባትሪ ሓጊዝካ ተተሰኣ፣ ከይንመውት ኢና ንቕምስ ነይርና” ወሲኹለይ ብቓላቱ። ዕለቱ ዝሓለፈ ዘይትን ፊኖን ምስተሸርፎም፣ ንኣዛዚኦም ወዲ መምህር ሓቢሮም ‘ንሱ ወድእዎ’ሞ ስድራኩም ኣብሊያምኹም ዘይፈልጡ ፊኖን ዘይትን ከነምጽኣልኩም ኢና’ ዝበል መልሲ ከምዝተዋህቦም ነጊሩ፣ ብዓውታ ሰሓቑ ወዲ ገዛውተይ። ክሓብሮ ኢለ ተዘይኮይነ ካብ ልበይ ኣይሰሓቕኩን። ንሱ ዝሓለፎ ሂወት ስለዘሰሓቐ ግና ተደዓዒስኩ። ከይጸናሕኩ ንምንታይ ይደዓዓስ ኢለ ኑብሰይ ወቒሰያ። ግናይን ክፉእን ነገር ከም ንቡር ከይለምዶ ምስ ኑብሰይ ቃል ካብ ዝኣቱ ነዊሕ ኣይገበርኩን።

ኣብዚ ክረምቲ ኣብ ናቕፋ ቤት ትምህርቲ ካድር፣ ዳርጋ ኣብ ነፍሲወከፍ ሰሚናር ብዛዕባ ሃለዋትን መዓልቦን እዞም ተመሃሮ ተሓቲቱ። ኮይኑ ግን ኩሎም ዝተሓተቱ ሓለፍቲ እቲ ሕቶ ከምዘይምልከቶም ብምጥቃስ ይሰግርዎ ነይሮም። ኣብርሃ ካሳ ድማ እቲ ዝሓትት ሰብ “ደሃይ 26 ዙርያ. . .” ክብል ምስ ጀመረ፣ ዘረብኡ ብምኹላፍ “ኢሂ 26 ዙርያ እንታይ ኮይኖም ኢለሙኻ?” ክብል ‘መሊሱ’። ኣብ መወዳእታ እዛ ሕቶ ንኣማኻሪ ፕረዚደንት የማነ ገብርኣብ ማንኪ ተሓቲታ። ንሱ እቶም ማትሪክ ዘይሓለፉ ተመሃሮ ኣበይ ይእተዉ ኢሎም ድሕሪ ምልዛብ ናብ ኣፍዓበት መጽዮም ክመሃሩ፥ ሚኒስትሪ ትምህርቲ መምሃራን ሚኒስትሪ ዜና ድማ ናይ ኦውዲዮ ቪጅዋል መምሃሪ መሳለጥያታት ክቕርብ ኣጽዲቖም። ግን ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሚኒስትሪታት ብዘጋጠመ ዘይምስምማዕ እቶም ተመሃሮ ሓዲግ ከምዝተረፉን እዚ ድማ ከምዘሕዝኖን ገሊጹ። ነዚ ዘረባ የማነ ማንኪ ቁንቁኛ ከውጽኣሉ ይጽልኣኒ። ንላግጺ ብላግጺ እንክምልሰ ግን፥ እተን ከምጽእወን ዝሓሰቡ ፕሮጀክተራትን ካልእ ናይ ኤለትሮኒክስ መሳርሒታትን፣ ኣብ በረኻታት ሕዳይ ኣበዩናይ ሶኬት ሰኺዖም ክምህሩለን ከምዝሓሰቡ ምሓተትኩዎ። ካብዝን፣ ብማዕከናት ዜንኦም ኣቢሎም ‘ዜሮ ብኽነት’ ክብሉ እንከለዉን ንላዕሊ ዘሰደምም ቀልዲ ክህሉ ኣይጽበን።

ምናልባት ሃገርከ ትረብሕ’ዶ ትኸውን ኢለ ንኑብሰይ ሓቲተ። ቅድሚ ገለ ዓመታት ነዚ ሕቶ ብሸዓኡ ናብ ዕጹው ማዕጾ ኩብጽሖ ኣይምከኣልኩን፥ ኣይምደለኹን’ውን ብርግጽ። እዚ ዝነበረ፣ መራሒናን መዛምርቱን ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ዝሰርሑ ሰብ ጥዑይ ኣእምሮን ልብን እዮም ዝብል እምነት ነዊሕ ስለዘሳለየኒ እዩ። ሕጂ

ዕድመን ኣስተብህሎን ብዝወሰኽኩ፡ እቲ ዝርድኣኒ እምነት ወይ ምጕት፥ መንእሰይ እንተዝይሰርሐ (ንኑብሱ ብዊንትኡ) ኣይዓብን፣ ሓላፍነት ስድራቤቱ ክስከም ኣይክእልን፣ ዘይጠዓያ ስድራቤታት ዝተረመሰ ሕብረተሰብ የቑማ፣ ሃገር ትጕተት ካን ነዞም ደቃ ምእርናብ ትስእን ዝብል እዩ።

ምክልኻል ሃገር ወይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝብል መንት'ውን ክለዓል ይኽእል ይኸውን። ኩሉ መንእሰይ ሕጊ ዘሰክሞ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸመ'ዩ። ኪኖዚ ዝኸይድ 'ግቡእ' ሕጋውነት የብሉን። ብመጀመርያ ሕጊ ዝእዝዞ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዓመትን ሽዱሽተ ወርሕን ጥራይ'ዩ። ካብኡ ሓሊፉ መንእሰያት ኣብ በረኻ ንዓመታት ኩተኽርትት፡ ብዝኾነ ይኹን ምስምስ ዘይምኽነይ ገበን'ዩ። ብቑንጹ'ውን ስርዓት ህግደፍ፡ ንሱ ብምልኩ ንሕና ድማ ብክቱር ፍርሕና ኣብ ርእስና እንተተቐመጡ፡ ቀጻሊ ዘውደቕናሉ ሕጋዊ መንግስትና ኣይኮነን። ስለዝኾነ ንኽመርሕ ይኹን ኣገልግሉ ኩብል ዋላውን ሞራላዊ ስልጣን የብሉን።

እዚ ኮይኑ እቲ፣ ምክልኻል ሃገር ብዋጢጥን ኣስገዳድን ክኸውን ይኽእል'ዶ ዝብል ሕቶ እንተልዓልኩ'ኸ? ነዛ ማዕረ ትብጽሓና ኤርትራ ንምክልኻል መን'ዩ ዘውጥጥ መን'ዩ ዘውጠጥ? ስልጣን ምሓዝ ማለት ልዕሊ ህዝቢ ምኳን ማለት ኣይኮነን። በንጻሩ ኣገልጋሊ ህዝቢ ምኳን ማለት'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ሓቂ ምስተኸወሎ'ዩ መሰለኒ ጊላ እቶም ስልጣን ዝጨበጡ ዝኾኑ። እዞም ድሕሪ ናጽነት ዘርኩብና ወለዶ ስራሕ ከምዘይንፈቱ ሽግር ከምዘይንጻወር ተነጊሩ። በዚ ምኽንያት ናብ በረኻታት ተጓሪትና ኩብርታት ገድሊ ክንወርስ'ውን ተሰሪሑ። መድረኽ ገድሊን መድረኽ ናጽነትን ብኹሉ መልኽዓቱ ዝተፈላለየ ክሳብ ዝኾነ፡ እዞም ናይ ድሕሪ ናጽነት ወለዶ ተጋደልቲ ክመስሉ ኣይመድለየን። ህግ ሓይሉ ኣብ ህዝባዊ ሰራዊት እንተነይሩ፣ ኤርትራ ዋሕሳን ሓይላን ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ጥራይ ኣይምርኮሰን። ኤርትራ፡ ብዘይካ መኮንናትን ወተሃደራትን፥ ዝተፈላለዩ ሞያውያን፡ ምሁራት፡ ፖለቲከኛታት፡ ነጋዶ ወዘተ ከም ሃገር ደልዲላ ክትረግጽን ኣብ ሓዲድ ብልጽግና ክትሕምብብን ከም ዘድልይዋ ኩሉ ኣይስሕቶን።

ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ቀጻሊ ኩናትን ናይ ኩናት ሃዋሁን ክኑብር ዝደሊ የለን። ኩናት ዝጠልቦ ኩሉ ዓይነት በሰላታትን ክሳራን ንዘይተወሰነ እዋን ክኸፍል ኣመና ይጽገም። ከምዚ ዝበለ ኩነታት ብዝኾነ መለክዒ ጠቓሚ ወይ ዘሐብን ኣይኮነን። ኩናት ዕንወትን ክሳራን ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝክእል። ብደረጃ ውልቀሰብ እንተርኢናዮ ከኣ፡ ብጕልባብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ጎዳጉዲ ንዕምሩ ክኸትት ዝምነ የሎን። ሰብ ካላሽን ተሓንጊጡ ተኾልኩልዋ እንተሓደረ፣ ዝቐልባ ከርስን ስድራቤትን፡ ዝሓልሞ ናብራን ክህልዎ ግድነት ይኾኖ። እታ ዘገልገላ ሃገር ተመሊሳ ክትሓቑፎ ይጽበ'ምበር መዋእሉ ህይወቱ ረሲዑ ክኽድመላ ኣይሕራይን! ንዕኡ ኣይጥዑም ንዓኣ'ውን ከምንርእዮ ዘለና ኣይጥዕማን። ከምቲ ካቶሊኻውያን ጳጳሳት ዝበልዎ ሃገር ድኣ'ያ ምእንቲ ሰብ ዝተፈጥረት እምበር ሰብ ምእንቲ ሃገር ኣይተፈጥረን።

ግናስ ካብ ህሉው ኩነታት መንእሰያትና ዝረብሕ የሎን ኣይብልን። እቲ ንተመሃሮ ካብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኣሳጕጉ ወሰን-ወሰን ዘሰፈሮም፡ እቲ ክንደይ መንእሰያት ኣብ በረኻታት ኣቐሚጡ ንእስነቶም ዝሰርቕ ዘሎ፡ እቲ መንእሰያት ናብ ስደት ዘባረረ፡ ሕጂ ድማ ንተመሃሮ 27 ዙርያ ከባኽን ህርድግ ዝብል ዘሎ፥ መንእሰያትን ሕቡር ቅልጽሞምን ደሃዮምን ዝፈርሕ ክኸውን ኣለዎ ኢለ ይሓስብ። መንእሰይ ኣሳጕጉ ልዋም ክሓድር ዝሕልን ይመስል። እቲ ዝደመቐ ሓቂ ግን፥ ከምቲ ጸባ ምስ ተሓቑነ ዝጽዒ፡ መንእሰያት ፍርሕናን ልኡምነትናን ቀንጢጥና ኣብ ቅድሚ ኣፍንጭኦም ሑሕ ከም እንብሎምናይ ግድን ምኳኑ እዩ። መዓልቲ ጽዕየ መጻእኩ እያ ትብል ዘላ። ድሕሪኡ ሕልመይ፣ ሕልሚ 26 ዙርያ፣ ሕልሚ መንእሰያት፣ ሕልሚ ኤርትራ ካብ መዓሙቕ ስንጭሮታት መቑሑ ሰይሩ፡ ሰማየ ሰማያት ክበርር'ዩ!!

# ፖለቲካዊ ቁጠባ

**እዚ ዓምዲ'ዚ፡ እዚ ዓምዲ'ዚ ንህልዊ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ቁጠባ ኤርትራ፡ ኣርእስቲ በርእስቲ ብምርኣይ፡ ብዕምቆት እናገለጸን እናተንተነን፡ ኣማራጺ ፖሊሲታትን ናይ ምስግጋር ስትራተጂን ይእምም።**

## ቁጠባ ኤርትራ፡ ድሆ ምልኪ

ግርማይ የማነ

ምስ ሰእነትን ካብ ንምሓዞ ዓመታት ኮይኑ ከምዘሎ ምስትብሃል ዘኹብዶ ወዲ ሃገር ክህሉ ኣይክእልን። ባኒ ካብ ዘውሕደና፡ መንበሪ ዝኾውን ቤት ካብ ዝጨንቀና፡ ላምባ ካብ ዝጠፍኣና፡ ኤለትሪክን ማይን ካብ ዝሓጸረና፡ ስጋን ጸባን ካብ ዝርሕቀና ሓያሎ ኮይኑ ኣሎ። ንዓና ነዞም ተራ ዜጋታት፡ ፍሽለትን ውድቀትን ቁጠባ ሃገር፡ ውሑዳት 'ኮነ'ዶ ኣይኮነን' እናበሉ ዘካትዕሉ ሓሳብ ዘይኮነ፡ ምሳና መዓልታዊ ዝነብር ክውንነት እዩ።

እቲ ንስእነትና ዘማሓድር ዘሎ መንግስቲ ድማ ኣብ ቴለቪዥን፡ ኣብ ሬድዮ፡ ኣብ ጋዜጣ፡ ነቲ ብሰደትናን ጥፍኣትናን ደገ ዘወጸ ሕሰምና፣ ጠንቁ፡ ሸርሕን ጓል ሸርሕን ኣመሪካ፡ ከደምቲ ወያነን እገዳ ዓለምን ምዃኑ ከእምነና ክንደይ ዘይበለ። ንሕና እዞም ንምሕደራ እዚ ስርዓት መዓልታዊ እንምኮሮ ዘለና ግን መንቀሊ ሕሰምናን ሽግርናን ኣብ ውሽጢ'ምበር ኣብ ደገ ከምዘየሎ ኣጣሊልና እንፈልጦ እዩ። ነቲ እንፈልጦ ክንምጉተሉን ከነረዳኣሉን ግን ብጽሑፍን ዘረባን ደጋጊምና ክንገልጾ፡ ክንትንትኖን ብዝርዝር ሓበሬታ ከነህብቱሞን ግዲ ይኸውን። ከምዚ ብምግባር ጥራይ ኢና ዝኣክል ሓሳባት ዓጢቕና ንለውጢ ክንቃለስ እንኽእል። ብዓንደ ርእሱ'ውን ብናጻ ሓሳብካ ናይ ምልውዋጥ ናጽነት ንዕቤትን ለውጥን ሕብረተሰባት ይሕግዝ እዩ ዝብሃል'ሲ በዚ ምኽንያት እዚ እዩ።

እዚ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ምጉት፡ ኣብዚ ንኹነታት ቁጠባ ኤርትራ ኣርእስቲ በርእስቲ ዝርኢ ዓምዲ ብዕምቆት ክግለጽን ክትንተንን ትጽቢት ኣለኒ። ኣብዚ ናይ ፈለማ ዓንቀጽ ናይዚ ዓምዲ እዚ ድማ፡ ንዝሰፍሐ ትንተናታትን ዝርዝራትን መበገሲ ዝኾውን ናይ ቁጠባዊ ውድቀት እዛ ሃገር ጠንቂን ሳዕቤንን ዝኾኑ መርኣያታት ከቕርብ ክፍትን እየ። ነዞም ካብቲ ብዙሕ ዝርዝራት ናይቲ ዛንታ መበገሲ ክኾኑ ተቐንጪሎም ዘለዉ ኣብነታት ምስ ኣንቡብኩም፡ መንግስቲ ነዞም ፍሽለቶም ብግብሪ ዝተረጋገጸ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ብድርቅና ዝሰዕበሉ ዘሎ ምኽንያት እንታይ እዩ? ዝብል ሕቶ ንምምላስ ትሽገሩ ትኾኑ ኢኹም ኢለ ይሓስብ። ንሕቶኹም ዘዕግብ መልሲ እኳ እንተዘይብለይ፡ ንዝሰፍሐ ክትዕ መበገሲ ዝኾውን ርእይቶ ግን ኣለኒ።

ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት፡ ኣብቲ ኣብ መወዳእታ 2012 ዝተኻየደ 'ዋዕላ ወፍሪ'፡ ንምንታይ መንግስቲ ካብ ንቡር ናይ ቁጠባታት ኣሰራርሓ ወጺኡ ክዓይ ከምዝጸንሐ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፥ ንዘይንቡርነት ናይቶም ኣሰራርሓታት ድሕሪ ምእማን 'ኣብዘይንቡር እዋን ንህላዌና ንምውሓስ ዝተወሰዱ ዘይንቡራት ስጉምታት' ምንባሮም ገሊጹ። ንሱ 'ህላዌና' ዝበሎ ህላዌ ሃገር ማለት እኳ እንተኾነ፡ እቶም ዘይንቡራት ስጉምታት ንሃገርን ህዝብን ናብ ከመይ ዝበለ ሃለዋት ደርቢዮሞ ምህላዎም ኩላህና እንዕዘቦ ዘለና እዩ። 'ህላዌና' ማለት ምህላው ናይቲ ፖለቲካዊ ስልጣን ንበይኑ ተቖጻጺሩ ዘሎ ስርዓት ጌይርና እንተወሲድናዮ ግን፡ እዚ ብዕጽውነቱን ስግንጢርነቱን ዝልለ ስርዓት-ቁጠባ ኤርትራ፡ ነመሓደርቱ ዘዕግብ ስራሕ ሰሪሑ ይኸውን ኢለ ይግምት።

### ገለ ትርኢታት ካብቲ ድራማ

#### 1. ኮንተይነር ትራንዚት፡ ንሱዳን እያ፥ ኖ! ንተሰነይ እምበር፥ ነስመራ'ባ፥

ኣብ 2003 መንግስቲ ኤርትራ፡ ብመንገዲ ጋዜጣዊ ኣዋጅ ንምምጻእ (import) ኣቕሑ ንግዲ ደሪቱ። እቲ ሽዑ ዝወጸ ኣዋጅ ናይ ፍሉይ ፍቓድ (permit) ኣገባብ ብምትእትታው፡ ፍሉይ ናይ እታው ፍቓድ ዝምልከቶም ኣቕሓ ዘርዚሩ። በቲ ኣዋጅ መሰረት፡ ንሃገር ክኣትው ዝተፈቕደሎም ውሱናት ሃለኽቲ ናይ መግቢ ኣቑሑትን ዓይነታት ዓለባን ርኢኻ፡ ነቲ ኣዋጅ ዝነደፉ ሰባት ናይ ሰሳታት በይጂን ወይ ናይ ሕጂ ፕዮንግያንግ እናተርእዮም ዘዳለውዎን፥ ወይስ ኣብ ግዜ ዝሐሉል ኩናት፡ ኣብ ሃገራት ምብራቕ ኤውሮጳ ዝነበሩ ናይ ቁጠባዊ ምደባ ክፍልታት (economic planning departments) ኢዶም ዘጽረዩን ኮይኖም ይስምዑኻ።

ከምዚ ዝኣመሰለ ኣዋጅ፡ ምስቲ ነዚ ሃገር ድሕሪ ኩናት ምስ ኢትዮጵያ ዘጋጠሞ ኩሉ ዓይነት ሕጽረታት ኣብ ግምት ኣእትየ ወላ ከም ኣማራጺ ፖሊሲ እንተዘይተቐበልክዎ ክርድኦ ግን ኣየመሸገረንን። ከም ናይ ፖሊሲ ኣማራጺ ከይቕበሎ ዝገበሩ፡ ብዙሓት ንቑጠባዊ ኣድማዕነቱ ዝምልከቱ ምጉታት እኳ እንተለዉኒ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ከምዝፈሸል ዝገበሮ ርኡይ ምኽንያት ጥራይ ከተኩር።

ኣብ ቁጠባዊ ታሪኽ ሃገራት፡ ንግዲ ዝኽልክሉ ሕግታት ዝፈርይዎ ዝዓበየ ፍረ ኮንትሮባንዳ ኢዩ። ንምንታይሲ፡ ሸኮር ምእታው ከም ንግዲ ሓሸሽ ገበን እንተገበርካዮ፡ እቲ ህዝቢ ድማ ሸኮር ምጥላብ ካብ ቀጸለስ፡ ሸኮር ዝነግዱ 'ገበነኛታት' ክህልዉ ግድነት እዩ።

ኮነ ድማ፡ እቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ ውጽኢት ኣብ ኤርትራ'ውን ተደግመ። ኣብ ዶብ ሱዳን፡ ተሰነይ ዝማእከሉ ጸሊም ዕዳጋን ውዕውዕ ንግዲ ኮንትሮባንድን ተቐልቀለ። ኣብዚ ሓድሽ ዕዳጋ ዝሰመረሎም ሓደሽቲ ናይ ጸሊም ዕዳጋ ነጋዶ ክዕንበቡ ከለዉ፡ ገለ

ካብቶም ኣቓዲሞም ብሕጋዊ ፍቓድ ንግዲ ዘንቀሳቕሱ ዝነበሩ ኣምጻእትን ልኣኽትን ናብዚ ዝሕንበብ ዝነበረ ዕዳጋ ንምጽንባር ንተሰነይ ኣንቀልቀሉ፡ ዝበዝሑ ድማ ኑብሶምን ማሎምን ሒዞም ናብ ካምፓላ፡ ላውንዳ፡ ዱባይን ካልኦት ርእሰ ከተማታት ኣፍሪቃን ኤስያን ተሰዱ።

እዚ ኑቲ ዝተጸበዮ'ስ ኣይገረሞን፡ እቲ ንኹሉ ትዓዛቢ ዘስደምምስ እቲ ዝሰዓበ እዩ. . . . . . . . . . . . .

ኣብዚ ሓድሽ ንግዲ ዝተዓወቱ ናይ ጸሊም ዕዳጋ ነጋዶ፡ መኽሰብ ንምዝያድ፡ ኑቲ ካብ ሱዳን ናብ ኤርትራ ብሓደገኛ መንገድን ብኸቢድ ወጻኢ ዝኣቱ ዝነበረ ኣቕሓ፡ ብሓጺርን ዝቐለለን መንገዲ ንምእታዉ ክባለሓቱ ጀመሩ። ፈለማ ምስ ናይ ሱዳን ፍቓድ ንግዲ ዘለዎም ሱዳናውያን ብምትሕብባር፡ ንሱዳን ብትራንዚት ከምዝሓልፍ ዘመዝገብዎ ንብረት ብምጽዋዕ ኣእትዮም ኣብ ዶብ ሱዳን የራግፍዎ'ሞ፡ ተመሊሶም ናብ ኤርትራ ብምእታው ኣብ ተሰነይ ክሸጥዎ ጀመሩ። ካብ ተሰነይ ንኣስመራን ናብ ካልኦት ከባቢታትን፡ ብናይ ህዝቢ ኣውቶቡሳት ሸቓጣ-ሸቓጥ ዘመላልሱ 'ነጋዶ' ድማ ጠጥዑ።

ካብ ፈለምኡ፡ ካብ ሓደ ናይ ትራንዚት መስርሕ 5000 ሽሕ ዶላርን ልዕሊኡን ዝረክብ ዝነበረ መንግስቲ፡ ነዚ እተዳራረበ ወጻኢታት ኣብ ኣህለኽትን ሓፈሻዊ ሃሰያ ኣብ ቁጠባ ሃገርን ከውርድ ዝጀመረ ንግዲ ኮንትሮባንድ ንምዕጋት ተገዳስነት ኣየርኣየን። እቲ ንስሙ ዝግበር ዝነበረ ምቁጽጻር ድማ ካብ ኑቶም ይብላዕ ኣሎ ኢሎም ንግዲ ተሰነይ ዝጀመሩ ሰብ 'ሳንጣን መሸማዕን' ምህጋርን ምስርጣይን ዝሓልፍ ኣይነበረን። እዚ እናኾነ መንግስቲ፡ ኑቲ ኣሽሓት ዶላራት ዘእትወሉ ዝነበረ ምንጪ ናይቲ መርበብ ግን ንኽዕንብብ ገደፎ. . . ኣይጸንሐን ድማ ብመንገዲ ኣገልግሎት ትራንዚት 09ን ምስቲ ትካል ምትእስሳር ዝፈጠሩ ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ነጋዶን፡ ኑቲ ንግድስ ባዕሉ ተደቕደቕ ድኣ። ንቑጽጽር መስመር ተሰነይ-ኣስመራ ድማ ኣዝለቐ። ናብ ኮንትሮባንድ ዝወፈረ ልምዓታዊ መንግስቲ!

ሎሚ ተሰነይ ምድራዊት ወደብ እያ ትብሃል። ኣብ ዓለም መንግስቲ ሓደ ሃገር ብናይ ገዛእ ርእሱ መሓውራት ናይ ኮንትሮባንድ ንግዲ ዘካይደላ እንኮ 'ወደብ' ትኸውን እያ ኢለ'ውን ይግምት። ኣብ ተሰነይ ምስ ዘይተመለሰ ሕቶታትካ ወሪድካ፤ ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ብንኣሽቱ ጀራካናት ካብ ጎረቤት ሃገር ዝመጸ ኑዳዲ ኮንትሮባድ ከዕርቑ ክውዕሉ ምስርኣኻ፡ ወዮ ካብ ምጽዋዕ ንሱዳን ተበጊሳ ኣብ ተሰነይ እናሓንሳብ'ውን ኣብ ኣስመራ ንዘተራገፈት 'ኮንተይነር ትራንዚት' እንታይ ረኺባ ዶብ ዘይሰገረት ኢልካ ምሕታት ኣየድልየካን እዩ። እቲ መልሲ ኣብ መንድቕ ተጻሒፉ ስለ ዘሎ!

ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ቀንዲ ኣካያድን ተዋሳኢን 'ዕዳጋ ተሰነይ' ዝነበረ ወዲ በኺት፡ ሚኒስተር ንግድን ኢንዳስትርን ኮይኑ ኣስመራ ደይቡ ኣሎ። ንናይ ዓሰርታት ዓመታት ናይ ኮንትሮባንድ ተመክሮኡ፡ ከመይስ ብኸመይ ኣብዚ ሓድሽ ሽመቱ ክጥቀመሉ እዩ ብሓባር ክንርኢ ኢና።

## 2. ሸርፊ ዶላር፡ ክብርኣብ ብ20 ሓጎስ ብ50

ሓጎስን ክብርኣብን ክልቲኦም ሰበስልጣን መንግስቲ እዮም። ሓጎስ፡ ሓላፊ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ክብርኣብ ድማ ኣማሓዳሪ ባንክ ኤርትራ። ኣብ ንቡር ናይ ቁጠባታት ኣሰራርሓ፡ ዋጋ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ሓደው ብዕዳጋ ሓደው ብማእከላይ ባንክ እዩ ዝውሰን። ኣብ 1990ታት መንግስቲ ኑቲ ዳሕረዋይ ኣገባብ መሪጹ ይኸይድ ነይሩ። ቀስ እናበለ ንግዲ ኮንትሮባንድ ወግዓዊ ኣብ ዝኾነላ ሃገር ግን እዚ ምርጫ'ዚ ኣይሰርሐን። ናብ ሃገር ዝኣቱ ዶላር፡ እቲ ዝበዝሐ ናብ ጸሊም ዕዳጋ እቲ ዝወሓደ ድማ ናብ ባንክታት ክኸይድ ግድነት ኮነ። ኣብ መንጎ ወግዓዊ ምጣኔ ሸርፍን ጸሊም ዕዳጋን ዝነበረ ፍልልይ፡ ብኽልተ ድሒሩ ድማ ብሰለስተ ዕጽፊ እናዓረገ ብዝኸደ፡ ዶላሩ ንባንክ ዝወስድ ብዓል ገንዘብ መመሊሱ ወሓደ። መንግስቲ ሸርፊ ጸሊም ዕዳጋ ኣብ ምጥፋእ ኣብ ዝገበሮ ቀጻሊ ቃልሲ ፍጹም ተሳዕረ። ኣብ ንቡር ስርዓታት፡ ከምዚ ዝበለ ኩነታት፡ ብምኽርን ምልውዋጥ ሓሳባትን ዝውሰን ምኽላስ ፖሊሲ ይሓትት። ኣብዚ ድሮ ስራሕ ኮንትሮባንድ ኣጸቢቑ ዝመለኾ ስርዓት ግና፡ ካልእ ዘገርም መፍትሒ እዩ ተረኺቡ።

እዚ ሕጂ ክብርኣብ ዝመርሖ ዘሎ ባንክ ኤርትራ ከምቀደሙ ብዝወሰኖ ሸርፊ ምስራሕ ክቕጽል እንከሎ፡ ሓጎስ ዘማሓድሮ 09 ድማ ኑቲ ብበትሪ ዘይሰዓሮ ጸሊም ዕዳጋ ሸርፊ፡ ካሮት ብምቕራብ ተዓወተሉ። ሎሚ እቶም ንነዊሕ ናይ ድሙን ኣንጭዋን ጸወታ ዝተጻወቱ ወገናት፡ ሰብ ኪዳን ኮይኖም ንርእዮም ኣለና። ናይ ኪዳኖም 'ውዕል' ቀሊል እዩ። 09 'ጸሊም ዕዳጋ' ብዝወሰኖ መሰረት ናይ ወጻኢ ሸርፊ ክገዝኣሎም፡ እቶም ሓወልትን ኣሸረፍትን ድማ ዝኣከብዎ ናይ ወጻኢ ሸርፊ ን09 ጥራይ ክህቡ። እቲ ምውርራድ ዝሰርሕ ዘሎ ይመስል። እንተ'ቲ ንባንክ ከይዱ ዘሸርፍ ወይ ንባንክ ክኸይድ ዝግደድ፣ እንተ'ቲ ኣብ'ዚ ድርብ ገንዘባዊ ስርዓት፡ ናቕፉ ተቐቢሉ ናብራ ከከናውን ዝፍትን ግን. . . . .

## 3. ወርቂ ብሻ፡ ኣ! ወርቂ ዲኻ ዝበልካ?

ወርቂ ክንዲ ዘውጻና'ሲ ከምዚሉ ሓሲምና! ዝብሉ ብዙሓት ገጢሞምኒ ኣለዉ። ንምንታይ፡ 'ክንድዚ ወርቂ ሸይጥና፡ ክንድዚ ኣታዊ ረኺብና፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ መዓላ ድማ ኣውዒልናዮ' ኢሎም ዘይነግሩና ኢሉ ዝሓትት ግን ብዙሕ ኣይረኸብኩን። ሃብቲ መሬት ናይ ሃገር እዩ ማለት ናይ ህዝቢ እዩ ማለት እንካብ'ኮነስ፤ ህዝቢ ሃብቱ ብኸመይ ይመሓደር ኣሎ፡ ኣበይ'ከ ወዓለ ኢሉ ክሓትትን ብግልጺ ክንገሮን ግቡእ እዩ ዝነበረ። ኣብዛ ዓመታዊ ባጀታ ይትረፍስ ሓፋሽ ህዝቢ፡ ሚኒስተር ዝሸመቶም ሰባት'ኳ ዘይፈልጥዎ ሃገር ግን እዚ ንቡር ካብ ዝኸውን መዋእል እዩ። ሃገር፡ ከም ካብ ኣቦኡ ዝወረሳ ንእሽቶ ድኳን ወሲዱ ዘመሓድራ መራሒ እንተሊካ፡ ከምዚ ልዕል ኢለ ዘልዓልክዎ ሕቶ ምሕታት ገዚፍ ሓጥያት እዩ። ግዳ'ኸ፡ ክሳብ ንምሕታት ዝፍቀደልና ወይ ድማ ከምኡ ክንገብር ክሳብ ንደፍርስ፡ እቲ ገንዘብ ኣበይ ኮን ኣትዩ ይኸውን እናበልና ምሕሳብን ምምርማርን'ሲ ኣይተርፍን እዩ።

## 4. ፈሊጥ ምውሳኽ ደሞዝን ዝቕባበን

ሓደ ካብቶም ብጋሕማጥ ቁጠባዊ ምሕደራ እዚ ሃገር ብሕሱም ዝተሃርመ ወገን እቲ ብደሞዝ ዝናበር ሰራሕተኛ መንግስትን እቲ ብስም ሃገራዊ ክተት ኣብ ሲቪላዊን ወተሃደራዊን ኣገልግሎት ወፊሩ ዘሎ ዜጋን እዩ። ክልቲኦም፡ ዝበዝሐ ክፋል ናይቲ ጠቕላላ ዓያዩ ጉልበት-ሰብ ናይዛ ሃገር ይሸፍኑ። እቲ ስማዊ ክፍሊት እናረኸበ ዝኸይድ ዘሎ ደሞዝተኛ፡ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ናብራ እናኸበደን ዘይጽወር እናኾነን ይኸይድ ኣሎ። ዕድል እንተተዋሂቡ



ቤት መኻእ፡ ገለ ካብቲ መንግስቲ ዘዕነዎ ኣባይቲ

ድማ ህድእ ኢሉ ወሰኽ ደሞዝ ይሓትት እዩ።

ንዝሓለፈ 14 ዓመታት መልሲ ሰበስልጣን ኤርትራ ሓንቲ ኢያ፥ ‘ደሞዝ ምውሳኽ ዝቕባበ ስለ ዘኽትል፡ ዋጋ መነባብሮ ክጎድል ንገብር እምበር ደሞዝ ኣይንውስኽን ኢና’። እዚ ዘረባ’ዚ ኣብ ስነ-ቁጠባ፡ ናይ መምሃሪ መጽሓፍ (textbook) ፍልጠት እዩ። ቅቡል ዘረባ ድማ እዩ። ዘይቅቡል ዝኾውንስ፡ ደሞዝ ንምውሳኽ ሓንጊድካ ኩተብቕዕ፡ ክብሪ መነባብሮ እናሻዕ እናወሰኸ ብዘይ ዝጭበጥን ዝልካዕን ስራሕ ሰቕ ኢልካ ምርኣይ፡ ካብኡ ሓሊፍካ ድማ ክብሪ መነባብሮ ዘጋድድ ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ብድርቅና ምኽታል እዩ። እቲ ንርእዮ ዘለና እዚ እዩ። እቲ ክኸውን ዝነበሮ ድማ፡ ንቑጠባዊ ፍሽለት እዚ ሃገር ጠንቂ ኮይኖም ዘለዉ ጉዳያት ኮፍ ኢልካ ምዝታይን መፍትሒ ምንዳይ እዩ ነይሩ።

## 5. ቅልውላው ኣባይቲ፡ ንበዓል ነጎዳ. . . . . .

ኣብ ኤርትራ ዜጋታት መንበሪ ኣባይቲ ክሰርሑ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ከምዚ ካብ ዝኸውን ዓመታት ኣለዎ። እቲ ናብርኡ ኮይንዎ መርዓን ውላድን ዘይገደፈ ህዝቢ ድማ፡ ናይ ዕለት ጭንቀቱ፡ ዓቕሊ ዘጽብብ ኮይኑ ኣሎ። በዚ ሎሚ እዋን ስድራቤታት መደቀሲኤንን መውዓሊኤንን ዝፈልያሉ ገዛ’ሞ ይትረፈን፡ ነዛ ደኒነን ዝኣትዋላ ሓንቲ ክፍሊ ገዛ ክራይ ምርካብ’ውን ንጋዶ ኮይኑ ኣሎ። እቲ ሓደ ገዛ እንተተረኺበ’ውን ክልተ ወይ ሰለስተ ዕጽፊ ናይ ስሩዕ ደሞዝ ሓደ ሰብ እዩ። ኣብ ከምዚ ናብ ደረጃ ቅልውላው ዝዓረገ ኩነታት፡ መንግስቲ ኣብ’ቲ ዘይእውጅ እገድኡ ጸኒዑ ኣሎ። ኣባይቲ ምስራሕ ኣይፍቀድን እዩ! ኣረ እቶም ፕረዝደንትስ ኣብ’ቲ ናይዚ ዓመት’ዚ ቃለ መጠይቑም፡ ‘ሰብ ብውልቁ ገዛ ከስርሕ ኣበየናይ ዘበን ኣበየናይ ዓዲ ተራእዩ?’ ኢሎም መስደመም ዘረባ ክዛረቡ እውን ሰሚዕና።

ንበዓል ነጎዳ ብሓዊ ደብሶ ከምዝብሃል ድማ፡ ነቶም ዓቕሎም ጸቢብዎም መሬት ጥሻ ድማ ጸኒሕዎም፡ ወይ ምስ ጸልማት ተማሓዝዮም ወይስ ተቐጻጺርቲ ኣፍትዮም ገዚኦም ዘሰርሑ ዜጋታት፤ መንግስቲ፡ ዶዞራት ኣምሪሑ ብሰበስልጣኑ ኣዕኒዩ ናብ ሓመድ ክቕይሮ ርኢና። እዚ ማለት፡ መንግስቲ ኣብ ዝዓደሎም መሬት ሚልዮናት ኣውጺኦም ኣባይቲ ዝሰርሑ ወገናት፡ መንግስቲ ባዕሉ ኣዕንዩሎም ማለት እዩ። ገንዘብ ውልቀ-ሰብ ሃብቲ ሃገር፡ ሰባት ድማ መሰል ዘለዎም ዜጋታት ሃገር ምዃኖም ዝፍለጠሉ ዘመን የርእየና!

# እንታይ’ከ ሰዓብ. . .

## 1. ጀነሬተራት ሕርጊጎ

ምስ ጀነሬተራት ሕርጊጎ ዝውዕሉ ቴክኒሻናትን ንቑጠባ ኤርትራ ዘመሓድሩ ሰባትን ተመሳሳልነት ከምዘለዎም ኣስተብሂልኩም

ትኾኑ። ዓመታት ኮይኑ፡ ክልቲኦም ቅልውላው እዮም ከማሓድሩ ጸኒሖም። ቅልውላው ምምሕዳር ማለት ሽግር ቡብዘመጸ ሞዕባስ ማለት እዩ። ሽግር ሽግር እንተወልደ'ውን ከምኡ ትዓብስ ጥራይ። ኣመሓደርቲ ቅልውላው ሱር-ጉዳይ ናይ ምዕራይ ኣኻእሎ ወይ ድላይ የብሎምን።

ሎሚ'ኳ ረብራብናን በዚሑናን ገዲፍናዮ'ምበር፡ ኣገልግሎት ኤለትሪክ ቡብዘቋረጸሉ፡ ጀነሬተራት ሕርጊን እንታይ ከምዘጋጠመን ምሕታት ልሙድ እዩ ዝነበረ። እቲ መልሲ ብዙሕ እዩ። ፈርነስ ተወዲኡ፡ ፋን ተሰይሩ፡ ስኒ ተደርቂሙ፡ ሞተር ከምዚ ኾይኑ. . . . ከምዚ'ባ እናተባህለ ዓመታት ሓሊፉ። እቲ ጉዳይ ግን ኣብ ክልተ ሕቶታት ክጥቕለል ምተገበኦ፦

<u>1. እተን ጀነሬተራት ከምዚ ኢለን ካብ ኣረጋን ንሓድሕደን ካብተባላልዓን'ሲ ምትክአን'ዶ ኣይምሕሸን?</u>

2. እዚ 'ሕኑን ቁጠባዊ ምዕባለ' ዝመርሕ ዘሎ ዝብሃል ልምዓታዊ መንግስቲ'ኸ ነዚ መሰረታዊ ጠለብ ምዕባለ ዝኾነ ጸገም ኤለትሪክ ንምፍታሕ ንምንታይ ክንድዚ ዓመታት ወሰደሉ?

እንተኾነ፡ ነቲ ፖሊተካዊን ቁጠባዊን ቅልውላው እናማሓደረ፡ ነዛ ኣብ ስልጣን ምቕጻሉ ከውሕስ ዝቃልስ ዘሎ ስርዓት ተኩርካ እንተጠሚትካስ፡ እቲ መንግስቲ ከምኡ ምግባር ከምዘይክኣሎን ብሕጂ'ውን ከምዘይክእሎን ምርኣይ ኣየሸግረካን እዩ።

<u>2. ዛንታ ባንን ላምባን ኣብ ኣስመራ</u>

ካብ ግዜያት ሓደ እዋን፡ ጠለብ ህዝቢ ከዕግብ ዝኽእል፡ ብኸፊል ብመንግስቲ ዝድጎም፡ ቀረብ ባኒን ላምባን ኣብ ኣስመራ ነበረ። ቅድሚ ገለ ዓመታት ግና፡ መንግስቲ ብሰንኪ ኣዕናዊ ናይ ቁጠባ ፖሊሲኡ ነዞም መሰረታውያን ጠለባት ህዝቢ ከማልእ ዓቕቡ ስለዘኾና፡ ንኽልቲኦም ናብ ናይ ክቦን ስርዓት ብምእታው ብሞቕነን ክዕድሎም ጀመረ። እቲ ብሞቕነን ዝዕደል ዝነበረ ባኒን ላምባን ኣዝዩ ውሑድ እኳ እንተነበረ፡ መዓልታዊ ዝወሃብ ባኒን ኣብ ወርሒ ዝመጽእ ላምባን፡ ነቲ ብኽብሪ መነባብሮ ዝግረፍ ዝነበረን ዘሎን ህዝቢ ንእሽቶ ሓገዝ ነይርዎ እዩ። እቲ ምጽጋምን ዘይምትእኽኻልን ግን ኣይተረፈን ዝነበረ። ህዝቢ ሓሲምዎን ተጸጊሙን ወሰኽ ሞቕነን ይጽበ ምህላው ዝርኣየ መንግስቲ ጸገም ህዝቡ ንምፍታሕ ምኻየየ። መንግስቲ ኤርትራ ግን ከም ኣመሉ ሱብ ዘይተጸበዮ እዩ ዝገበረ። ንነዊሕ ልዕሊ ጉጭ ትሕት ጉጭ እናበለ፡ ከሻርፎን ከጉድሎን ዝጸንሐ ቀረብ እዞም ክልተ ሃለኽቲ ዳርጋ ጠቕሊሉ ገዲፍዎ። ሎሚ፡ ምዕዳል ላምባ ንዓመት ሓንሳብ ወይ ክልተ ሳዕ ዝበዓል ፌስታ እዩ።

ንባኒ ዝኸውን ዝተደጎመ ሓርጭ ንኣብያተ ሕብስቲ ምዕዳል እውን ኣቋሪጹ። ሓለፍቲ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዳስትርን ከምኡ ድማ ሓለፍቲ ቁጠባዊ ጉዳያት ህግደፍ፡ ንወነንቲ እዘን ኣብያተ ሕብስቲ ኣኪቦም፡ ነቲ ድሮ ዕዳጋ ተቐጻጺሩ ዝነበረ ባኒ ኮንትሮባንዳ ክሰርሑ 'ብወግዒ' ፈቒድሎም። ኣብ ሱዳን፡ ግብጺን ካልኦት ሃገራት ከባቢናን ባኒ ብኸፊል ብመንግስቲ እዩ ዝድጎም። ኣብዚ 'ንማሕበራዊ ፍትሒ' ዝተወፈየ መንግስቲ ዘለዋ ሃገርና ግን ዋጋ ባኒ ብዋጋ ናይ ኮንትሮባዳ ሓርጭ እዩ ዘውሰን። ዕዳጋኡ ከም ዘወዓሎ ድማ ይሸየጥ። ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ-ኤርትራ ድማ ቁጠባዊ ፖሊሲታት ሓዲስ-ሊበራላውነት (neo-liberalism) ኣብ ልዕሊ ውጹዕ ህዝቢ ሳልሳይ ዓለም ዘውርዶ ዘሎ ሃሰያ ኣመልኪቱ ዝግበር ሓተታ ቀጺሉ ኣሎ. . . . .

ነቲ ሕሰምን ክኢልዎ ነታ ሓተታ ድማ ውሒጥዎ ክኸይድ ዝተፈርደ ህዝቢ ከኣ ን80 ግራም ባኒ ብ3.50፡ ንሓደ ሊትሮ ላምባ ድማ ብ80-95 ናቕፋ እናሸመተ ከምሻሙ ይነብር።

<u>3. ሱብ ኣሸንሲስ፣ ሱብ ራሻፎር፣ ሰኞ ኢልካ እዩ!</u>

ብግቡእ ንምምልካቱ ክኢለ እንተኾይነስ (ዓሚቑ ትንተናን ሓቅታትን ኣብ ዝመጽእ ሕታማት ክሰዕብ እዩ)፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዘዘርዘርክዎም መርኣያታትን ካልኦትን ብዝተንገዙብካ፡ መንግስቲ ኤርትራ ከመይ ኣቢሉ፡ ንቑጠባ ኤርትራ ኣፍርዩ ከዕንግል ዘይክእል ቁጠባ ጌርዎ ከምዘሎ ንምርኣይ ቀሊል'ዩ።

ኣብዚ ካብ ምፍራይ ዓዲ ዝወዓለን ንወፍሪ ዝተዓጽወን ቁጠባ ግና፡ እቶም ኣብ ጸሊም ዕዳጋ ዝወፈሩን ምስኦም ዝተሓባበሩ ሰበ ስልጣንን፣ እቶም ተሰዲዶም ዝነገዱን ዝሸቀሉን ዝርከብዎ ሓደ ንእሽቶ ክፍሊ ናይዚ ሕብረተሰብ መጥፍኢ ዝደልየሉ ጥረ ገንዘብ ኣዋህሊሉ ኣሎ። ካብ'ዚ ክፍሊ'ዚ፡ ውሑዳት ገንዘቦም ካብ ወጻኢ ዘምጽእዎን ምስ መንግስቲ ዘይተቐሓሓሩን ወገናት ገዲፍካ፡ እቶም ዝበዝሑ ንዘዋህለልዎ ማል ኣብ ኣፍራይ ጽላት ናይዚ ቁጠባ፡ ወላ'ውን ወፍሪ እንተተፈቒደ፡ ንምውፋሩ ኣይደፍሩን እዮም። እቲ ሓደ ኣማራጺ፡ ነዚ ብየማንን ጸጋምን ዝተኣተኣኻኸበ ገንዘብ ናብ ንብረት ብምቕያር ምሕጻቡ እዩ። እዚ ኣገባብ እዚ ምሕጻብ ገንዘብ (money laundering) ይብሃል።

በዚ ድማ እዩ፡ ኣብዚ ሳንቲም'ውን ትኹን ምፍራይ ዓቕብ ኮይንዎ ዘሎ ቁጠባ፡ ኣብ ኣስመራን ካልኦት ከተማታትን ከም ራሻፎርን ኣሸንሲስን ዝኣመሰላን ንዐኦን ዝሓልፈኦንን ናይ መጋየጺ መካይን ወግሐ ጸብሐ ክጫጮሓ ንርእየን። ዋግኦን ሚልዮን ወይ ናብኡ ዝጽጋዕ እዩ ይብልዎ። ካብዚ ሓሊፉ ዋጋ ንኣሽቱ ኣባይቲ ናብ 10ታት ሚልዮናት ተጋኒኑ፡ ዓዳጊ ድማ ኣይሰኣነን፡ ክሸየጥ ክልወጥ ንርኢ ኣለና። በዚ ድማ ኣብ ጸላም (ኮንትሮባንድ) ወይ ኣብ ወጻኢ ንዝተሰርሐ ገንዘብ፡ ኤርትራ ናይ መቃልዒ-ሃብቲ ወይ ሸው ሩም ተራ ክትጻወት ትርከብ። እዚ ዕብዳን'ዚ ዝተመስርሐ ዝቕባበ ፈጢሩ ነቲ ካብ ስርሑ ንገዝኡ ዝመላለስ ውሕዱን ፍሉጥን ዝኣታዊኡ ዝበዝሕ ዜጋ የሳጽዮ ኣሎ። ግን ኩሉ እናራኣየ ሰኞ መሪጹ። ሰኞ ኢልካ እዩ!

# ሕውስዋስ

**እዚ ዓምዲ'ዚ ዝተፈላለየ ሓጸርቲ ጽሑፋት፡ ግጥምታት፡ ጥቕስታትን ካርቱናትን ዘእንግድ ክፉት ዓምዲ እዩ።**

---

# በርትዕ ሰብኣይ ኩን !

**ሰላም ጸሃየ**

. . . . እቲ ናይ ብሓቂ 'ሰብ' ፡ ንክብረቱን ንመዓርጉን ንመሰሉን ኣብ ትሕቲ ካልእ ሰብ ከምኡ ኬውድቖ ኣይደልን፡ ኬውድቖ ብሓይሊ እንተ ተገደደ ድማ፡ ኪጉህን ኪስቁርቁርን ይነብር እምበር ባህ ኢሉዎ ኣብ ዕነ-ሕመቕ ኪነብር ኣይፈቱን፡ ወይስ ኣብኡ ወዲቑ ኪነብር ኣይልምንን።. . . . . . . . "

በዚ ጊዜ'ዚ ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ኣብ መንደፈራ፡ ኣብ ዓዲ-ቀይሕ፡ ኣብ ከረን፡ ኣብ ምጽዋዕ፡ ኣብ ኣቑርደት. . . ዝነብሩ ዘለዉ ደቅ ኤርትራ፡ ኣስላምንን ክርስትያንን ከም "ብርቱዓት ሰባኡት" ዶኾን ይመላለሱ ይህልዉ? እወ፡ ናይ ብሓቂ ረብሓ ገዛእ ርእሶምን ወገኖምን ዝጥምቱ፡ ብቕኑዕ ሕልና ቅኑዕ ኮይኑ ዝተሰማዕቶም ነገር ዝኣምኑን ዝዛረቡን እምበር ካልኦት ኣብ ልቦም ዘሰኸዑሎም ወይስ ኣብ ኣፎም ዝወተፉሎም ዘይዛረቡን ዘይኣምኑን፡ ደፋራት ወይስ ተባዓት እምበር ናብ ኣዒንትን ናብ ኣፍን ካልኦት ቊሊሕ እናበሉ ሓሳቦም ዘይገልጹ፡ ስምረትን ምስምማዕን ዘለዎም እምበር ከም ኣኽላባት ነንሓድሕዶም ዘይናኸሱ፡ ንጊዜን ንኩነታትን ዝፈልጡን ዚኽተሉን እምበር ኣብ ጸልማት ሓሳባት ዘይመላለሱ፡ ደድሕሪ ረብሓን ዕላማን ካልኦት ዘይጉተቱ. . . . ናይ ብሓቂ ሰብኡት ወይስ ናይ ብሓቂ ሰብ ዶኾን ይኾኑ?. . . . . . .

ክቡርን ኤርትራውያን ኣሕዋተይ ኣሕዋተይ ናይ ሓርነት ሃረር መባህልትይን፡ ከምቲ ንጉስ ዳዊት ዝበሎ፡ ሰባት ኩሎም በቲ ኣቦታቶም ዝኸድዎ መንገድ-ሞት ኣቢሎም ኢዮም ዝኸዱ፡ ዓለም በቲ ናይ ጥንቲ ኣካይዳኣ ኢያ እትጎዓዝ፡ ንሕና ግና 'ንበርትዕ፡ ሰቡእት ከኣ ንኹን'። ንነፍስ ወከፍ ካባና፡ካብ ካልኦት ሰባት ዝዓበየን ዝለበመን ኮይኑ ኣይሰምዓዮ፡ ንነፍስ ወከፍ ካባና ኣብቲ ቅኑዕ ዘሎስ ንሱ ጥራይ ከም ዝኾነ ኮይኑ ኣይሰምዓዮ፡ ስለምንታይ ሰብ፡ እቲ ናይ 'ሓቂ ሰብ' ዓቢይ ዚኾነሉ ንእሽቶይ ምኻኑ እንተ ኣስተውዓሉ፡ ጠቢብ ዝኸውንስ ስንፍንኡን ድንቊርናኡን እንተ ኣስተውዓለ ጥራይ እዩ፤. . . . "

ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም

27/2/47



# ህልቂት ላምፔዱሳ ኣብ ዓመቱ፡ ሕጂ'ውን ሓውና/ሓፍትና ኣበይ ኣለው? ሃገርና'ኸ
# ቁንጪል ካብ ሓዋርያዊ መልእኽቲ ካቶሊካውያን ጳጳሳት ኤርትራ 2014

ኣብ ዝሓለፈ ወርሓት መስከረም/ ጥቅምቲ፣ ኣብ'ቲ ፍረ ኽራማት ዚሕፈስሉን፣ ሕይወት ዚሕደስሉን፣ ናይ ግእዛዊ ሓዲስ ዓመትና ተስፋ ዚንቀሳቐሰሉ ወርሓት፣ ካብ ሃገርና ሓሊፋ ንኻሊና መላእ ዓለም ዝቐስቀሰ፣ ኣብ ባሕሪ መዲተራንያን ብዝተፈጸመ ናይ መእንሰያትና ሕልፈት ወይ ኀልቀት፣ ንሕዝብና ኣብ ስንባደን ራዕድን ዘጥሓሎ እዩ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ከኣ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት፡ ኣብ ፈቐዶ ሩባን ኩርባን፡ ኣብ ፈቐዶ ባሕርን ምድረበዳን፡ ብኢድ ገፋዕትን ጨወይትን ኪፍጸም ናይ ዝጸንሐ ተመሳሳሊ ኀልቀት መቐጸልታኡ እዩ። ስለ'ዚ ንቕዳሞትን ንዳሕረዎትን ክንሓስቦም ግዲ እዩ።

ኣብ ገገዝኡ ብሕቱ ዘይኮነስ መላእ ሕዝቢ ኪበኽየሎም ተረኺቡ።... ምኽንያቱ እቶም ጥዑም ኪረኽቡ ዝሓሰቡ፡ ኣብ ቕሥፈትን ጥፍኣትን እዮም ዝወደቑ፣ ምስ ራሔል ኣደ ኵሎም፣ ምስ ኵለን ኣዴታት ሓቢርና ናብ ኣምላኽ ንብዓትናን ጸሎትናን ነዕርግ። እታ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ዘይረኸብዋ ርግኣት፣ ነኣኣ ኪረኽቡ ኪብሉ ከኣ ብሓደጋ ዝተረኽቡ ደቅና፣ ነታ ሃሰስ ዝበልዋ ቅሳነት ኣብ ሕፅኒ ኣምላኽ ኪረኽብዋ፣ ማንም ብዘይወስደሎም ኣገባብ ከኣ ምስኡ ኮይኖም ከም ዘስተማቕርዋ ብምእማን እንክንጽሊ፣ ንኹሎም'ቶም ምስ ናፍቖቶም ከለዉ፡ ኪረኽብዎምን ብኣካል ደው ኢሎም ኪቕብርዎምን ኪቕብጽዎምን ዘይከኣሉ ወለዶምን ሰቦምን ንእዮብ ዝደበሰ ይደብስኩም! ጽንዓት የሃብኩም ንብል ።

ነኣኣቶም ኣብ ሕፅኒ ኣምላኽ ከነማዕቍቦም ከሎና፣ ኣምላኽ ከኣ ናባና ምልሰ ኢሉ "ሓውኻ ኣበይ ኣሎ? ሓውትኻ ኣበይ ኣላ? ውላድካ ውሉደኩም ኣበይ ኣለዉ?ኣብ ከመይ ዝበለ ኵነታት ይርከቡ ኣለዉ?..." እናበለ፡ ካብ ሓያሎ ዓመታት እናናሳዕ ይረአ ንዝሎ ኀልቀትን ሕልፈትን ደቅና፣ ነገር ዕላልን ወረን ጥራሕ ንዝገበርናዮ ነኣና፣ ዘየቕስንን ዘየደቅስን ሕቶ የሓተና ኣሎ። መን'ዩ ዚሕተተሉ? ኪበሃል ከሎ፣ ኣብ ጭብጢ ምስ መጻእካ፣ ሓቂ ክትዛረብ ምስጀመርካ፣ ብርግጽ ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ዚበሃል ኣይሰኣንን ይኸውን። ብዓቢኡን ብሓፈሻኡን ግን ሰረቱ ነዊሕን ሰፊሕን ንኹሉ ዚትንክፍን እዩ። እዚ ሕቶ'ዚ ተመጢጡ፣ ሃገርናኸ ብዓባያ ኣበይ ኣላ? ኣብ ከመይ ዝበለ ሃለዋት ትርከብ?....ናብ ዚብል ኩብጽሕ ግዲ እዩ። "ሓላው ሓወይ ድየ?" ብምባል፡ ከነምልጠሉ ዘይከኣል ሕቶ እዩ።

ጥጡሕ መነባብሮን ሕይወትን ንምድላይ ዚግበር ጕዕዞ፣ ክሳብ መኣስ ኪቕጽል እዩ? እቲ ዘገርም ነዚ ብዘይሕጋዊ ኣገባብን፡ እሞ ብኽንደይ ገንዘብን ዚፍጸም ጕዕዞ፡ ንምዕጋት ዚግበር መቕጻዕትን ማዕዳታትን፣ ነቶም ዘንቀዱ ሓሳባቶም ከለውጥ ዘይምኽኣሉስ ስለምንታይ እዩ? እቲ ዝተፈተነ ካብ ዘይሰርሐኸ ካልእ ኣገባብ ኪመሃዝ ኣይምተኻእለን ድዩ?

"ኣይሰላም ኣይኩናት" ዝኾነ ኵነትና ዲዩ ነዚ ኩሉ ፈጢሩ? ዚብል ሕቶ'ኳ ዘልዕል እንተኾነ፣ ነዚ ኵነትዚ ንምልዋጥከ ድልየት ወይ ዓቕሚ የልቦን ማለት ድዩ? ንሕዝብን ንሃገርን ንዚጕድእ ኵነት ንምልዋጥከ እንታይደስ እንታይ ኪግበር ዘይምተኻእለ? ፈውሰኻ ካብ ርእስኻ ስለዝኾነ፣ ኅብረተሰብ ዓለም'ኳ ግቡኡ እንተዘይፈጸመ፣ እቲ ግዳይ ዝኾነ ወገን ግን ተባላሒቱ ግድሉ ንምፍታሕ ኪጽዕር፣ ረብሓኡ ዚጠልቦ እዩ። እንተርፌ ንዓመጽትን ንጨወይትን፣ ንሕዝብን ንሃገርን ካብ ዘየርብሕ፣ ካብ ከም'ዚ ዝበለ፡ ኣይሰላም ኣይኵናት ዝኾነ ሃለዋት ከምዚውጻእ ኪግበር ኣለዎ።

ነዚ ከም'ዚ ዝበለ ሃለዋት ንምቕያር፡ ሓያልን ዝተዋሃሃደን ጻዕሪ፣ ማለት ናይ ኣተሓሳስባ ለውጥን፣ ግብራዊ ናይ ስራሕን ማኅበራዊ ኵነታትን መሠረታዊ ሕዳሴ ከም ዘድሊ ምልክታን መጠንቀቕታን ካብ ዚህብ ኣይወሓደን። ብመዳይ ሕጋውን ፖሊቲካውን ኣገባብ'ውን ነዚ ጕዳይዚ ኣብ ግምት ዘእተወ መሠረታዊ ሕቶን ጠለብን ክትጥምት ዚግድደካ እዩ፣ ነዚ ሸለል ምባል ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ዜሕትት ምኻኑ ምዝካር ኣድላዪ እዩ።

ሃገር ናይ ሰባት ድኻ ትኸውን ከምዘላ ብግልጺ ዚረአ ዘሎ ኩሉ፣ ኣብ ዝኾነ ማኅበራዊ ጕዳይ ከም እንዕዘቦ፣ እቲ መንእሰይ ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ እቲ ማእከላይ ወለዶ ዚበሃል'ውን ዳርጋ የሎን፣ ንኡስ ወለዶን ሓይልን ዘይብላ ሃገር እንታይ እዩ እቲ ዕድላ? ሃገር ብሕዝባ ብሰባ እያ እትደምቕን እትጽብቕን እምበር፣ ብዘይሰብ ዓዲ ዓዲ ኣይከውንን፡ ሃገር ከኣ ሃገር ኣይትኸውንን።. . . . .እዚ ዝብልና ዘሎ ድማ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ይፍጸም ዘሎ፣ ናይ ሰባት ቀጻሊ ዋሕድን ዋሕዝን ብሕቱ ዘይኮነስ ንጽባሕ ከጋጥም ዘለዎ ጻንታ እዩ እቲ ዚረኣየናን ዘፍረሓናን ዘሎ።

ንሃገር ድማ እቲ ኣብ ውሽጣ ኮይኑ ዚሓንጻ'ዩ ሕልፊ ዜድምዓላ። ስለ'ዚ እዛ ሃገር ትባድም ከምዘላ ዘመልክት ኣውያት'ያ እተሰምዕ ዘላ። ኣውያታ ከኣ ናብ ኵሉ እዩ፣ ናብ ውልቀሰባት ስድራታት ናብ ዓበይቲ-ዓዲ ናብ መራሕቲ መንፈስን መራሕቲ ፖለቲካን... ዚቐርብ ዘሎ ጥርዓን እዩ። ምእንት'ዚ ዘለዉ ከምዘይከዱ፡ ዝኸዱ ከኣ ከምዚምለሱ ንምግባር ብልሓትን ትብዓትን ዜርኢ ተበግሶታት ከድሊ እዩ።

"ስለምንታይ መንእሰያትና ዓድኻና ዘማዕድዉ ምባል ትርጉም ኣይህልዎን። ዓዲ ሰላም፡ ዓዲ ፍትሒ፡ ዓዲ ስራሕ፣ ዓው ኢልካ ዝመሰለካ እትዛረበላ፡ ሰራሕካ እተሓድረላ ዓዲ ምስ ሓዘካ፣ መዓር ገዲፉ መዓር ዜናዲ ስለዘየልቦ፣ ንስደት ክንዲ ዘማዕድዉን ዝኸዱን፣ካብ ስደት ዚምለሱን ዚውሕዙን መንእሰያት ኪህልዉና ናይ ግድን እዩ"። ከመይሲ ሃገር ደኣ እያ ምእንቲ ሰባ ምእንቲ ሕዝባ ዝቐመት'ምበር፡ ሰብ ምእንቲ ሃገር ከምዘይኮነ ብግብሪ ብጭብጢ ከረአ ኣለዎ።

# ናብ ዉሽጥኺ ንበዕዮ!

ስእነትን ስደትን ተደማሚሩ

ምብትታን ስድራ ቤትና ኣቑሪሩ

ወፊሩ ዝኣቱ፡ ሓሚምኪ ዝኣሊ

ንብዓትኪ ዝደርዝ ስኢንኪ ምቕሊ።

ልብኺ ትጎዲኡ ሕሰም 'ናቋሰየ

ቅርኒብ ኣዒንትኺ ብንብዓት 'ናጠልቀየ፡

ኣብ ንእዲ ምድናስኪ 'ናፈለጡ

ባኣኺ ክላገጹስ መዓስ ዘየደንጹ።

እሞ ኣደ!

ብደብዛዝ ጥሙሖም ተሰፋኺ 'ናህጎጉ

ኣብ ክንዲ ሓጎስኪ ቃንዛኺ ካብ ብሃጉ

ኑብስኺ ዓቲብኪ ክትክእሊ ዘይክኣል

ደገፍ ክኾነኪ ሓዘንኪ ክጓደል፡

እቲ

ካብ ምሒር ጓሂ ንግዳም ተዘርቑዮ

ቃንዛ ዉሽጥኺ ኣብ ገጽኪ ትሕጸብዮ

ሓይሊ ክኾነኪ ናብ ዉሽጥኺ ንበዕዮ።

**ባሕሪ ሓድጉ**

**5.8.2014**

# ቅዋመይ

ቀዋመይ
መንቀጽ ደመይ
ከመይ ከመይ?

ቀራብኪ ኔርኪ ክትኣትዊ ዓዲ
ትኽ ኢልኪ ከይትኸዲ
ተኣሊኺ እንዳ እቲ ወዲ
ፈቲኽዮ ዲኺ? ብግዲ?

ደንጉኺ ኣብ መገዲ
እስከ ደሃይ ሰደዲ

ቀዋመይ
ፈውሲ ሕማመይ
ከመይ ከመይ?

ኣይቆቡዕ ኣይሮቡዕ
ንዒ እባ ሓዳር ግበሪ
ንዒ እባ ኣመሓድሪ
ንዒ መስከረም ንዒ ጥሪ
ብፈረንጂ ዲኺ ብሓበሻ ትቑጽሪ?

ቀዋመይ
መንቀጽ ደመይ
ከመይ ከመይ?

**ዶ/ር ርእሶም ሃይለ**

ኣብ ዓምዲ ሕውስዋስ ክወጽእ እትደልይዎ ትሕዝቶታት Republicnewsletter@yahoo.com ናብ ዝብል ኣድራሻ ስደዱ።

ረፑብሊክ ፎረም

ዓምዲ 'ረፑብሊክ ፎረም' ንፖለቲካን ባህልን ዝትንክፉ ኣገደስቲ ናይ ክትዕን ዘተን ኣርእስታትን ዘአንግድ ዓምዲ እዩ።

# ዲሞክራሲን ኤኮኖሚያዊ ምዕባለን

ቢንያም ተኽለኣብ

ኣብዚ ጽሑፍ ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምስ ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ዘለዎ ምትእስሳር ከመይ ዝበለ እዩ? ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ክረጋገጽ ዲሞክራሲን ናይ ዲሞክራሲ ትካላትን ናይ ግዲ ክህልዉ ዘለዎም ቅድመ ኩነት ድዩም? ወይስ ከምቲ ኣብ ኤራ-ቲቪን ድምጺ ሓፋሽን እንሰምዖን ኣብ ሓዳስ ኤርትራ እነንብቦን ዲሞክራሲ ብሓደ ጸቃጢ ፖለቲካዊ ስርዓት ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ምስ ተረጋገጸ ዝርከብ መጋየጺ ነገር እዩ? ወይ ድማ ብመሰረቱ ዲሞክራሲ ምኽንያት ዕግርግርን ደም ምፍሳስን ስለዚ ድማ ተጻይ ምዕባለን እዩ? ካብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕን ሃገራት ዓረብን ነዚ ጉዳይ ብዘርኢ እንምሃሮ ትምህርቲ ከመይ ዝበለ እዩ? ዝብሉ ሕቶታት ክምልሽ ክፍትን እየ።

ኣውራ ዕላማይ ነዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዝግበር ልዝብን ክርክርን ውዱእ ምላሽ ንምሃብ ኣይኮነን። ኣብ ዙርያ'ዚ ጉዳይ ዝግበር ክብ ዝበለ ሰረተ-ምህሮ ክትዓት ከም ዝካየድ ዘንጊዐ ከም ዘይኮንኩ'ውን ርዱእ ኪኸውን ኣለዎ። ኣመት ጽሑፈይ ኤኮኖምያዊ ምዕባለ መንገዱ ሓደ፡ ኣገባቡ ፍሉጥ መስርሑ ስሉጥ'ዩ ንምባል ከምዘይኮነ'ውን ክትርዱኡለይ እምነ። ኣውራ መደበይ'ሲ ነቲ ኣብ ፈቓዶ መራኽብ ብዙሃን መንግስቲ ኤርትራ ብቐጻሊ ዝቐርብ ከም ምጉትን ርትዕን ዘይማዕበለ ግን'ከ ሰባት ከደናግር ዝኽእል ሓሳባት ንምስጣይ እዩ። ብኡ ኣቢለ ክኣ ንምትእስሳር ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓትን ኤኮኖምያዊ ምዕባለን ዘርኢ ኣብነታት ርሑቕ ምብራቕን ሃገራት ዓረብን ክህብ እየ።

## ኣረጊት ወይኒ ኣብ ኣረጊት መዕረቒ

መራኽቢ ብዙሃን መንግስቲ ኤርትራ ይኹኑ ካድራት ህግደፍ ብቐጻሊን ብስርዓትን ካብ ዘካይድዎ ናይ ፕሮፓጋንዳ ዘመተ ሓደ ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ብዙሓት ሃገራት ጠንቂ ምፍሳስ ደምን ዕግርግርን ስለዚ ድማ ጠንቂ ኤኮኖምያዊ ድሕረትን ምጉታትን ከም ዝኾነ ምርኣይ እዩ። ንኣብነት እኳ ኣብ ኬንያ፣ ኣይቮሪኮስትን ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃን ንዝካየድ ምርጫታት ኣመልኪቱ ዝውሃብ ዜናን ታዕሊቃትን፥

"ከም ኬንያ ዝኣመሰላ ሃገራት ኣፍሪቃ ምስ ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝበንን ክውንነተንን ዘይሳነ ብድፊኢትን ጸቕጥን ናይ ግዳም ሓይልታት ምርጫ ኪጉብራን ካልእ ፖለቲካዊ ተበግሶታት ክወስዳን ብምፍታነን ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ጠንቅታት ምፍሳስ ደምን ዓሌታዊ ግርጭታት ምኳኑ ተንተንቲ ፖሊቲካ ገሊጾም"

"ሓደ ህዝቢ ወይ ድማ ሕብረተሰብ ምርጫ ቅድሚ ምክያዱ ከማልኦም ዘለዎ ኣገደስቲ ረቋሒታት ኣለው። እንተ ወሓደ ደረጃ ፖለቲካዊ ንቕሓቱ ክብ ኩብል፣ ማሕበራዊ ኣቋውምኡ ከስፍሕን ቁጠባዊ ትሕዝትኡ ድማ ከመሓይሽን ኣለዎ።" ዝብሉ ጥብቆታት ክግበረሎም ዘየስተብሃለ ሰብ ኣይህሉን ይኸውን።

ካድራት ህግደፍ'ውን ብግደኦም ኣብ ፈቀዶ ሰሚናራትን ቃለ መጠየቓትን ነዚ ዝመስል ዘረባታት ከስምዑ ብዙሓት ካባና ሰሚዕና ንህሉ ንኸውን ኢና። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ተለቪዥን ኣልዓረብያ ብ31 ግንቦት 2008 ኣብ ዝገበሮ ቃለ መጠየቕ ንኣብነት እቲ ጋዜጠኛ ብብዙሕነት ዘይኮነስ ብሓደ ምእኩል ስርዓት ጥራይ ክንከይድ ኣለና ኢሉ ዝኣምን ምኳኑ ምስ ሓተቶ ከምዚ ኢሉ ምላሽ ሂብሉ ነይሩ፥

ንሕና ካልኦት ዝብልዎ ክንደግም የብልናን። ሓደ ስርዓት እንታይ ማለት እዩ? ክንሰግሮ ዘሎና መድረኻት ኣሎ። ናይ ግድን ከኣ ክንሰግሮ ኣሎና። ህዝብታት ቁጠባዊ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራዊን ፖለቲካዊን መድረኻት ሰጊሮም ኢዮም ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሖም። ንሕና ምልካዊያን ስርዓት ንከይንብሃል ኢልና ካብ ፍርሒ ተበጊስና ንክውንነትና ክንነጥሮ ኣብ ዘይበጻሕናዮ ደረጃ ምዕባለ ኣቲና ንሃገርናን ንህዝብናን ሽግር ክንፈጥርን ኣይንደልን ኢና።

ኣውራ ቴማታት ናይዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዛንታ ብሕጽር ዝበለ እዚ ዝስዕብ እዩ፥

1. ብዙሓት ህዝብታት፣ እንተላይ ህዝቢ ኤርትራ ሓዊስካ ማለት እዩ፣ ንዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝበቕዕ ንቕሓት ዛጊት ከም ዘየጥረዩ

2. ዲሞክራሲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ጠንቂ ምፍሳስ ደምን ሕንፍሽፍሽን ምኻኑ

3. ቅድሚ ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ምትካልካ ብመንገዲ ሓደ "ምእኩል" ስርዓት ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ከተረጋግጽ ከም ዘለካ።

ንገለ ገለ ወገናትና እዚ ጉዳም ዝኾነ ሓድሽ ሓሳብ ይመስሎም ይኸውን። እንተኾነ፣ ድሕሪ ምዝርዛር ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ስልጣን ዝመጹ ውልቀ መለኽቲ ንስልጣኖም ንምምኽናይን ሕጋውነት ንምሃብን ዝጥቀምሉ ካብ

ዝነበሩ ብሉይ ኣገባባት ሓደ እዩ። ታሪኽ ኣጸቢቑ ከም ዘርእዮ ከኣ እቶም መለኽቲ ቅድሚ ምትካል ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ከነረጋግጾ ኢና ዝበልዎ ኤኮኖምያዊ ዕብየት ኣይተረጋገጸን። እተን ሃገራት ብሰንኪ ጭቆንኦምን ምልኮምን ደኺየን እምበር ኣይበልጸጋን፥ ንምፍሳስ ደምን ሕንፍሽፍሽን ብዝያዳ ተቓሊዐን እምበር ናብ ሰላምን ርግኣትን ኣይቀረባን፥ ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ድማ ከም ተኽእሎ ከም መሊሱ ካብቲ ዝነበሮ ርሒቑ'ምበር ኣይቀረበን። ኣሸንኳይ'ዶ ኣብ መንጎ ርኹባትን ስኡናትን ዝነበረ ጋግ ክጸብብ ከምቲ ዝብሃል 'ነቲ ዘለዎ ይውሰኾ፣ ነቲ ዘይብሉ ግን እታ ዝነበረቶ'ኳ ትሕደግ' እዩ ኾይኑ። ግደ ሓቂ ኣብ ታሪኽ ብጭቆናን ምልክን ንሓፋሽ ህዝቢ ዝጠቀም ዝተረጋገጸ ሰላም፣ ዝተመዝገበ ዕብየት፣ ዝተንጽፈ መሰረት ዲሞክራሲ፣ ዝተፈጥረ ራህዋ ንኣብነት'ኳ ክሽውን ዝኽእል የለን።

## ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ፡ መደናገሪ ኣብነት ጌጋ ምጉት

ብዙሕ እዋን ከም ደቡብ ኮርያ፣ ታይዋን፣ ኢንዶነዥያ፣ ሲንጋፖር፣ ቻይና ዝኣመሰላ ሃገራት ዘመዝገብኦ ኤኮኖምያዊ ዕብየት ከም ውጽኢት ናይተን ሃገራት ዝነበረን ወይ'ውን ዘለወን ጸቓጢ ፖለቲካዊ ስርዓት ከም ዝኾነ ክዝረብ ይስማዕ እዩ። ካድራት መንግስቲ ኤርትራ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ነዚ ዝመስል መግለጺታት ክገብሩ ይስምዑ'ዮም። ብሓቂ ግን እዘን ተጠቂሰን ዘለዋ ሃገራት ዘመዝገብኦ ወይ ዘምዝግብኦ ዘለዋ ዕብየት ውጽኢት ናይ ጸቃጢ ፖለቲካዊ ስርዓት ድዩ? ብርግጽ እዘን ሃገራት ኣብ ሓደ እዋን ናይ ታሪኸን ጸቐጥቲ ስርዓታት ነይሮመንን ንገሊኣተን ከኣ ክሳብ ሎሚ ኣለወንን። ግንከ ኣድቅቕ ኣቢልና እንተራኣናዮስ ቻይና ኣብ ግዜ ማኦ ብዘይካ ዕንወትን ምፍንቃልን፣ ደርቅን ሕሰምን ዘመዝገቦቶ ዕብየት ነይሩ ድዩ? ብድሕሪ ሞት ማኦ ስልጣን ዝሓዘ ዶን ዥያፒንግ መሰረታዊ ጽገናታት እንተዘይገብር፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቻይና ተጻዒኑ ዝነበረ ትንፋስ ዝኸልእ ቀይድታት ብኸፊል እንተዘየፋኩስ፣ ዋላ ምሉእ ኣይኹን ዜጋታት እታ ሃገር ናይ ምንቅስቃስ፣ ናይ ዕዮ፣ ንብረት ናይ ምውናን ናጻነት እንተዘይፍቅድ'ዶ ቻይና እዚ ሕጂ ተመዝግቦ ዘላ ዕብየት መመዝገበት እያ?

እዚ ማለት ቻይና ዲሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ተኺላ ስለዚ ድማ ኤኮኖምያዊ ዕብየት ኣርእያ ማለት ኣይኮነን። ኣብ ዲሞክራሲያዊ መዳይ እታ ሃገር ክትከዶ ዘለዋ መንገዲ ነዊሕ ምዃኑስ ኣየካትዕን እዩ። እቲ ክብሎ ደልየ ዘለኹስ ኣብታ ሃገር ተራእዩ ዝብሃል ዝኾነ ዓይነት ዕብየት ብዘይ ሓርነት ዜጋታት፣ ዋላ ብኸፊል፣ ዘረጋግጽ ጽገና ኣምበይ ምኾነን ማለተይ እየ። እታ ሃገር መሊኣ ዲሞክራሲያዊ ናጽነት እንተዘይኣውሒሳ ድማ እቲ ድሮ ኣመዝጊባቶ ዘላ ዕብየት ከም ናይ ሶቭየት ሕብረት ኣብ ዘለዎ ክረግእ ወይ ንድሕሪት ክዝርዝር ይኽእል እዩ ዝብሉ ተመራመርቲ ኣለዉ። ካብ ታሪኽ ከምነረጋግጾ ድማ ሓቃቶም ከይኮኑ ኣይተርፉን እዮም።

ናይ ሲንጋፖር ተመክሮ'ውን እንተኾነ ህላወ ፍሉጥ ሕግን ስርዓትን ዘለዎ፥ ብምዱብ ናይ ምርጫ መስርሓት ዝሓልፍ፥ ተዛማዲ ናይ ዜጋታት ተሳትፎ ዘረጋግጽ፥ ንጠለባትን ድሌታትን ዜጋታቱ ብዝተኻእለ መጠን ዘማልእ፥ ኣብ መንጎ ፈጻሚ፣ ሓጋጊን ፈጻምን ኣካላቱ ፍሉጥን ዱልዱልን ምክፍፋል ስልጣን ዘውንን ፖለቲካዊ ስርዓት ንኤኮኖምያዊ ዕብየት ኣገዳሲ ሮቓሒ ምኻኑ ዝምስክር እዩ። ናይተን ካልኦት ሃገራት ተመክሮ'ውን ዋላ'ኳ ዝተሓላለኸ ይኹን እምበር ጸቓጢ ፖለቲካዊ ስርዓት ዘላቒ ኤኮኖምያዊ ዕብየት ከምጽእ ከም ዝኽእል ዘርኢ ኣይኮነን። ምናልባት ኣብ ታሪኸን ሓደ እዋን ኣብ ትሕቲ ወተሃደራውያን ይኹኑ ካልእ ዓይነት ጸቕጥቲ መራሕቲ ኣብ ዝነበራሉ እዋን ኤኮኖምያ ዕብየት ኣርእየን ኪኾና ይኽእላ እየን። እዚ ዕብየት ግን ምስቲ ካብ ሕብራት መንግስታት ኣመሪካ ዝረኽብኦ ዝነበራ ቢልዮናት ዶላራት ዝግመት ሓገዛት ምቹእ ናይ ንግዲ ዝምድናታት ዝተኣሳሰር እምበር ምስቲ ዝነበረን ጸቓጢ ፖለቲካዊ ስርዓት ዝተሓሓዘ ኣይኮነን።

ስለዚ ብሕጽር ዝበለ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤኮኖምያዊ ዕብየት ዘመዝገባ ስለ ዝነበርወን ወይ ዘለውወን ጸቐጥቲ ፖለቲካዊ ስርዓታት ኣይነበረን። ብኣንጻሩ፣ ብዘይ እቲ ሙብዝሓትኣን እንተስ ኣቕዲመን እንተስ ዲሒረን ዘተኣታተውኦ ፖለቲካዊ ጽገና እቲ ዕብየት ወይ ብዓንደ ርእሱ ኣይምተረጋገጸን ወይ'ውን ዘላቕነቱ ኣብ ሓደጋ ምኣተወ።

## ጽድያ ዓረብ፥ ቀዳማይ ጠለብ ፖለቲካዊ ጽገና፣ ካልኣይ ጠለብ ፖለቲካዊ ጽገና፣ ሳልሳይ ጠለብ ፖለቲካዊ ጽገና

ኣብ መወዳእታ 2010 ኣብ ቱኒዝያ ዝጎቶገ ድሒሩ ኣብ ግብጺ፣ ሊብያ፣ የመን፣ ሶርያን ካልኦት ሃገራት ዓረብን ዝተራእየ ህዝባዊ ምልዕዓላትን ጠንቅታቱን ነዚ ኣልዒለዮ ዘለኹ ኣርእስቲ ንምብራህ ክሕግዝ ዝኽእል ኣብነታት ኣለዎ። እዘን ሃገራት ንዓሰርተታት ዓመታት ብጨፍለቕቲ ስርዓታት ኣብ ዝተመሓደራሉ እዋን ህዝብታተን ኣብ ጉዳይ ገዛእ ሃገሮም ተጎንዮም፥ ዓፈንቲ ናይ ፖሊስን ጸጥታን ትካላት 'ኣንጻር ሃገርን መንግስትን' ዝተባህሉ ዜጋታት እዚ ዘይብሃል ግፍዒ ኣውሪዶም፥ ኩሉ መንግስታዊ ጉዳያትን ፖሊስታትን ኣብ ኢድ ውሑዳን ውልቀሰባት ኣትዩ፥ ውልቀሰባት መተካእታ ትካላት ኮይኖም ትካላትን ትካላዊ ኣሰራርሓን ጠፊኡ፥ ቁጽጽርን ሚዛንን ዝሐሉ ምክፍፋል ስልጣን መንግስቲ ናብ ትርጉም ዘይብሉ ኩነት ወሪዱ፥ ፍርዳዊን ሓገግትን ኣካላትን መንግስቲ ናብ ኣገልገልቲ እተን ስርዓታት ተቐይረን፥ ርእይቶኻን ተቓውሞኻን ብነጻ ናይ ምግላጽ መሰል ፍጹም ተኸልኪሉ፥ ውሑዳን ኣብ ስልጣን ዝነበሩን ምስ ስልጣን ዝተጸግዑን እዚ ዘይብሃል ሃብቲ ኣኻዕቢቶም ዝበዝሑ ዜጋታት ከኣ ብሰሪ ስእነት ስራሕን ክብሪ ዋጋን ኣብ ሕሰም ወዲቖም፥ መንእሰያት መጻኢኦም ጸልሚቱ ብዘይስራሕን ትምህርትን ዕግንግን ኢሎም…ወዘተረፈ። ከም ውጽኢት ናይዚ ኩሉ ከኣ ዋላ ኣብተን ዝሓሸ ኤኮኖምያዊ ንጥፈታት ነይርወን ዝብሃላ ቱኒዝያን ግብጽን ከይተረፈ ሚልዮናት ህዝቢ ብስእነት ስራሕን ሕሰም መነባብሮን ተዳሂኹ እዩ። ከምዚ ዝበለ ፖለቲካዊ ዕፈና ዝጠንቁ ሕሱም መነባብሮ ግን ንዘልኣለም ክቕጽል ስለ ዘይክእል ህዝቢ እዘን ሃገራት ይኣክል ኢሉ። ሓጺናዊ ትርኢት ዝነበሮም ናይ ሙባረክ፣ በን ዓሊን ሙዓመር ቓዛፊን መንግስታት ከኣ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዛባዊ ማዕበል ከም ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ ገዛ ኣብ መዓልታት ፈርከሽከሽ ኢሎም። እዚ መላእ ዓለም፣ እንተላይ ኣብ ውሽጢ ዓዲ እንርከብ ኤርትራውያን፣ ብኣንክሮ ዝተዓዘብናዮ ፖለቲካዊ ድራማ ግርም ዝኾነ ምህሮ እዩ ዘለዎ።

ሓደ ካብዚ ምህሮታት ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ስርዓትን ኤኮኖምያዊ ዕብየትን ዘሎ ምትእስሳር እዩ። ጽድያ ዓረብን ታሪኽ እዘን ሃገራት

ብጻዕዳን ጸሊምን ኣገባብ ገይሩ ኣነጺሩ ዘብርሆ ነገር እንተልዩ ጨቆንትን መለኽትን ፖለቲካዊያን ስርዓታት ተጻይ ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ምዃኖም እዩ። ግብጻውያን ከም ኣብነት እንተድኣ ወሲድና ነዚ ግርም ጌሮም እዮም ተረዲኦሞ። ሳዕቤንን ጠንቅን ኣይደናገሩን። ስለዚ እዮም ድማ ካብ መንግስቲ ሙባረክ ኤኮኖምያዊ ምምሕያሻት ዘይጠለቡ። ስለዚ እዮም ሽቅለት ክፍጠረሎም፣ ዋጋ ሃለኽቲ ክንከየሎም፣ ኣብ መንጎ'ቶም ዉሑዳን ሃብታማትን ሚልዮናት ድኻታትን ዝነበረ ጋግ ክጸበሎም ካብ መንግስቲ ሙባረክ ዘይጠለቡ። ዝጠለብዎስ መንግስቲ ሙባረክ ክወርድ፥ ናይ ጎነጽን ግፍዕን መሓውራት እቲ ስርዓት ዝኾኑ ናይ ፖሊስን ጸጥታን ትካላት ክብተኑ፥ መሰል ዜጋታት ዘረጋግጽ ቅዋም ክንደፍ እዩ ዝነበረ።

ሕረስ ሓረስታይ! ንገድ ነጋዳይ፣ ቀሊል ኣባሃህላ ዓሚቕ ትርጉም

ተመክሮ ብዙሓት ሃገራት ከም ዘርእዮ ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣገዳሲ ሮቛሒ ንኤኮኖምያዊ ምዕባለ እዩ። ንምቕላሉ ታሪኽ ከም ዝምስክሮ ኩለን ዘላቒ ኤኮኖምያዊ ምዕባለ ዘመዝገባ ሃገራት ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ዘለወን እየን። ብርግጽ እዚ ማለት ኩለን ዲሞክራስያዊያን ሃገራት ምዕቡላት እየን ማለት ኣይኮነን። ዲሞክራሲ ኩብል እንክለኹ ድማ ዋላ'ኳ ምርጫታት ዘእቱ እንተኾነ ብሰፊሕ ትርጉሙን ኣተንኡን ማለተይ ምዃኑ ርዱእ ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ ብዘይካ ፖለቲካ ንኤኮኖምያዊ ምዕባለ ዝጸልው ካልኦት ናይ ጂኦግራፊ፣ ናይ ባህሊ፣ ናይ ታሪኽ ሮቛሒታት ከም ዘለዉ ዘንጊዐ ከም ዘይኮንኩ'ውን ከዘኻኽር እፈቱ። እንታይ ድኣ ኣተናይ ምስ ካልኦት ሮቛሒታት ዲሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ኣገዳሲ መሰረት ምዕባለ ምዃኑ ንምስማር እዩ። ነዚ ብግቡእ ስለ ዝተገንዘቡ እዮም ከኣ መሰለኒ ወለድና ክምኒዩ እንክለዉ 'ሕረስ ሓረስታይ! ንገድ ነጋዳይ! ዝብል ንጉስ ይምጸኣና!' ዝብሉ።

---

**ዝኸበርኩም ኣንበብቲ፡ ኣብ መልእኽተ-ዜና ረፑብሊክ ርእይቶታት ንምስዳድ ይኹን ኣብ ዝተፈላለየ ዓምድታቱ ንምስታፍ እዚ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ተጠቐሙ:-**

Republicnewsletter@yahoo.com

**ሓጸርቲ ርእይቶታት ንምስዳድን፡ ቀጻሊ ንጥፈታትና ንምክትታልን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻታት ስዓቡና፦**

www.Facebook.com/Republicnewsletter

Republic Newsletter@ Rnewsletter

## እዛ መልኽእተ-ዜና ዝበጽሓቶ እንተወሓደ ንሓሙሽተ ዜጋታት ከባጽሕ ንምሕጸን